
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.286 ዓርቢ 31 ሓምለ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
እኹል ጸሓይ ብርሃንምስ ድቃስ ዘለዎ ምትእስሳር




ገጽ 3
ማሊ፡ ስለምንታይ ናብ ዳግማይ ቅልውላው፧



ገጽ 4
ሳዋሓበን ወለዶታት ኤርትራውያን



ገጽ 5



ፈረሰኛ ኣጋር ሓኪም

ገጽ 7
ምልክታ


# ተሰነይ-ኣቑርደት - መሰላት ቈልዑ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ መሰላት ቈልዑን ደቀኣንስትዮን ኣብ ምርግጋጽ ዝተኮረ ኣስተምህሮ፡ ንኣመሓደርቲ ከባቢ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ሂቡ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣብ ጥዕና ደቀኣንስትዮ ጉድኣት ዘውርድ ድሑር ባህልታትን ልምድታትን ብሓፈሻ፡ ምኽንያቱብን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ደማ ብፍላይ ንምውጋድ፡ ተራ ኮሚ፡ ምምሕዳራትን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ክሕይል፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ሚካኤል ጉብረስላሰ ጸዊዑ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ ጥዕና ኣቶ ጉብረሂወት ተኽስተ ብወገኑ፡ ኤርትራ ኣብ 2030 ናጻ ካብ ክሾቦ ንክትእውጅ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቱ ተወሃሂዱ ይሰርሕ ከምዘሎ ብምጥቃሱ እቲ ተርእዮ ኣብ መብዛሕትኣን ምምሕዳራት ከባቢ ጉዲሉ'ኳ እንተሎ፡ ሰጊር ሩባ ጋሽ ኣብ ዝርከብ ዓድታት ግና ብዙሕ ስራሕ ይጸበዮም ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ ግዜ ሕርሲ ዝጋጥም ሞት ኣደን ዕሸልን ካብ ቀንዲ ሳዕቤናት ክሾቦን መርዓ ትሕቲ ዕደመን ምዃኑ ብምንጻር፡ ስድራቤታትን ሕብረተሰብን ኣብ ምውጋዱ ንቑሕ ተሳትፎ ክህልዎም ተላብዩ።

ካብ ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ መንእሰይ ሓፊዛ መሓመድ ብወገና፡ ኣብ ኤርትራ - ምኽንያቱብ ደቀኣንስትዮ ብኣዋጅ ቁጽሪ 158/2007፣ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ድማ ብመሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ዓንቀጽ 581 ክልኩላት ምዃናም ጠቒሱ፡ ኣብ'ቲ ተግባራት ዝሳተፉ ድማ ብሕጊ ተሓተትቲ ምዃናም ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዩም ጉብረእየሱስ ብወገኑ፡ ንጥዕና ቈልዑን ደቀኣንስትዮን ዝሃሲ ተግባራት ንምግታእ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ምስ መሻርኽቱ ብዘለዓለ ክሰርሕ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ኣብ ልዕሊ ቈልዑን ደቀኣንስትዮን ብፍላጥ ኮነ ብዘይፍላጥ ዝወርድ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸቕጥታትን ኣድልዎን ብምብዳህ መሰላት ቈልዑን ደቀኣንስትዮን ንምርግጋጽ ዝዓለመ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

እቲ ብቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ተወዲቡ፡ ካብ 16 ምምሕዳራት ከባቢ ንዝተዋጸኡ ኣካላት መንግስቲ፡ ማሕበራትን ወከልቲ ህዝብን ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ጉዳእቲ ልምድታት ንምግታእ ክካየድ ዝጸንሐ ናይ ምብራኽ ንቕሓት ንጥፈታት ከምዝኾነ፡ ተጸዋዒት ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ወ/ሮ ታቦቱ ንጉሰ ሓቢራ።

ኣብ ልዕሊ ደቀኣንስትዮ ዝፍጸም ጉዳእቲ ልምድታት ንምውጋድን መሰላት ቈልዑን ደቀኣንስትዮን ንምርግጋጽን ሓያል ጻዕሪ ይካየድ'ኳ እንተሎ፡ እቲ ተርእዮ መለኣ ስለዘይተወገደ ሳዕቤናቱ ይቕጽል ከምዘሎ ብምጥቃሱ፡ ንምውጋዱ ብዘለዓለ ክሰራሕ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ምርግጋጽ መሰላት ደቀኣንስትዮን ቈልዑን ክውሰዱ ብዘለዎ ዘለዎም ተበግሶታት እኹል መረዳእታ ክህልዎም ሓጊዚ ከምዝኾኖ ብምጥቃሱ፡ ተመሳሳሊ መደባት ብዝተወደበን ብዝሰፍሐን መልክዑ ክድገፉ ኣዘኻኺሮም። ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ኣብ ልዕሊ ቈልዑን ደቀኣንስትዮን ብፍላጥ ኮነ ብዘይፍላጥ ዝወርድ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸቕጥታትን ኣድልዎን ብምብዳህ መሰላት ቈልዑን ደቀኣንስትዮን ንምርግጋጽ ዝዓለመ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።





# ንመምህራን ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ስልጠና ተዋሂቡ

ዓቕሚ መምህራን ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ - ሳዋ ክዕብ ንምባል ዝዓለመ ናይ ሓደ ወርሒ ስልጠና ተወዲቡ።

እቲ ካብ 1 ክሳብ 28 ሓምለ ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝተሰነየ ስልጠና፡ ብቐንዱ ኣብ ዓውዲ ትምህርታዊ ስነ-ልቦና (ሳይኮሎጂ)ን ተርእ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝተኮረ ኩይኑ፡ ብመምህራን ኮሌጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን'ዩ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ዝተረኽበት ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ብምጥቃሳ፡ ኣብ'ታ ቤት-ትምህርቲ ዝጸንሐ ሕጽረት ክኢላታት ስነ-ልቦናዊ ምኽሪን ማዕዳን ኣብ ምምላእ ኣበርክቶ ከምዝገብር ጽኑዕ እምነታ ገሊጻ።

ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ መምህር ርእሶም ጉብረሂወት ብወገኑ፡ ስልጠንትን ኣሰልጠንትን ንዘርኣይዎ ተገዳስነት ብምምጓስ፡ ብሰልጠንቲ ዝቐረበ መሃሪ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ፡ ንኣድማዕነት ኣብ መጻኢ ዝውደብ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ከምዝሕግዝ ሓቢሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ኣብ ስነ-ምምሃርና፡ ምሕደራ ግዜ፡ ሰሙናዊ ውጥን፡ ግምገማን ሞያዊ ስነ-ምግባር ምምህርናን ዝተኮረ ስልጠና ከምዝወደበት፡ ካብ ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ዓዲቐይሕ - መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ይሰላሰል ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ኣብ ሰለስተ ነቑጣታት ዝተመደቡ ተሳተፍቲ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ሰፊሕ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን የሰላስሉ ኣለዉ።

እዞም ኣብ ጎቦ ጨፋ፡ ሩባ ገዳን ጥቓ ኣቡነ ኣረጋዊን ዝተዋፈሩ 700 ተመሃሮ፡ ኣብ ሰሙን ሽድሽተ መዓልታት እናወፈሩ ኣብ ምስራሕ ቅናታዊ ዛላታት ውጽኢታዊ ስራሕ ይዓሙ ከምዘለዉ፡ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ መምህር በየነ ተስፋይ ሓቢሩ።

ነቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ ክኢላ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኢንጅነር ዳዊት ክፍሎም ብወገኑ፡ ካብ ዕለት 6 ሓምለ ጀሚሮም ኣስታት 54 ሽሕ ሜትሮ ቅናታዊ ዛላታት ከምዝሰርሑ ብምጥቃስ፡ ምኹዓት ጎዳጉድን ምትካል ፈልስታት ገረብን ክቕጽል ምዃኑ ኣብሪሁ።

ካብ ኣለይቲ - መምህር መሓረና ፍስሃየ ብግደኡ፡ ተመሃሮ ንዝርእይዎ ዘለዉ ልዑል ናይ ስራሕ መንፈስን ስነ-ምግባርን መጒሱ።



ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ብርሰት ብምግታእ ሃብቲ ገረብ ንምስሳን ብዝተኻየደ ጎስጓሳትን ናይ ምቁጽጻር ስራሕን፡ ኩነታት ኣግራብ ናብ ንቡር ይምለስ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ምቁጽጽር ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ኪዳነ ኣማረ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ህዝቢ ረብሓታት ዕቃበ ኣግራብ ኣብ ርግኣት ኣከባቢን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነትን ብዝግባእ ተረዲኡ ንሓለውኡን ምክንኻኑን ብዕቱብ ክሰርሕ ዝተኻየደ ንጥፈታት፡ ኣብ ባይታ ዝምስገን ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ገሊጹ።

እቲ ንኡስ ዞባ ብመበቆላዊ ኣግራብ ሃብታም ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብሰንኪ ዘይሓላፍነታዊ ኣጠቓቕማ ዝወረደ ዕንወት ንምፍዋስ ብዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ባዲሙ ዝነበረ ከባቢታት ናብ ዝነበሮ ይምለስ ከምዘሎ'ውን ኣፍሊጡ።

ኈኒ-ኈኒ'ቲ ንቕሓት ሕብረተሰብ ንምዕባይ ዝካየድ ዘመተታት፡ ጥሕሰት ክፍጽሙ ንዝተረኽቡ ኣራሚ ስጉምቲ ከምእተወስደሎም ብምሕባር፡ ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣስታት 84 ሽሕ ናቕፋ ናብ ካዝና መንግስቲ ኣታዊ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ንኩነታት እንስሳ ዘገዳም ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣቶ ኪዳነ፡ ብሰንኪ ብርሰት ሃብቲ ገረብ ካብ መዕቈቢኦም ርሒቖም ዝጸንሑ፡ ማሕድሮኦም ናብ ንቡር ስለዝተመልሰ ቁጽሮም ይሰስን ከምዘሎ ገሊጹ።




ሱሌማን ኣሕመድ

# እኹል ጸሓይ ብርሃን ምስ ድቃስ ዘለዎ ምትእስሳር

ልዋም ድቃስ ከም ዝተመጣጠነ መግቢን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ንጥዕናና ኣገዳሲ እዩ። ብኣንጻሩ፡ ስእነት ድቃስ ናይ ኣእምሮ ጸገማት ከምኡውን ንዕቤት ስርዓተ-ምንቅስቓስ ሕማማት ክንጥቃዕ ይገብረና።

ብርሃን ጸሓይ ንኩነታት ድቃስና ዘጸሉ ዝዓበየ ደጋፊ ረቛሒ እዩ። ከምቲ ኩልና ንርድኦ ብቐሊሉ ንኽንድቅስ ጸልማት ክኸውን እዩ ዘለዎ። ምትእስሳር ብርሃንን ድቃስን ግና ካብቲ እንሓስቦ ንላዕሊ ዕምቆት ኣለዎ።

ብርሃን ጸሓይ፡ መዓስ ንድቅስን መዓስ ንቕሕን ንዘቆጻጽር ናይ ኣካላትና ሰዓት (circadian rhythm) ኣብ ምቁጽጻር ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ብተወሳኺ፡ ብርሃን ጸሓይ ድቃስ ዝበራትዕ 'ሜላቶኒን' (melatonin) ንዝተባህለ ሆርሞን ኣብ ምፍጣር ኣገዳሲ እዩ።

መዓልታዊ ንጹሓይ ብርሃን ንምቅላዕ ኣሕልፎ ሰዓታት፡ እንተላይ እቲ ኣብ ናይ ሰዓታት ናይ መዓልትን ክንደይ ሰዓታትን ዝብሉ፡ ኣብ ኩነታት ድቃስና ጽልዋ ኣለዎ። ስለዚ፡ ኣብ መንጎ ብርሃን ጸሓይን ድቃስን ዘሎ ምትእስሳር ብዕምቈት ምፍላጥ፡ መዓስ ናብ ዓራት ትድይብ፡ መዓስከ ጸሓይ ትጸሎ ንኽትፈልጥ ሓጋዚ እዩ።

## ብኸመይ ብርሃን ጸሓይ ንድቃስና ይጸልዎ፧

ብርሃን ጸሓይ፡ ሰዓት ኣካላትና (circadian rhythm)፡ ኣብ ምፍራይ 'ሜላቶኒን (melatonin) ሆርሞን ከምኡ'ውን ኣብ ዑደት ድቃስ (sleep cycles) ልዑል ጽልዋ እዩ ዘለዎ።

ኣብ ሰዓት ኣካላትና (circadian rhythm)፦

ሰዓት ኣካላትና፡ ኣካላትና ንዘከናውኖ ዝተፈላለዩ ዕማማት ዘመሓድር ውሽጣዊ ሰዓት እዩ። መዓስ ንድቅስን መዓስ ንበራበርን ዝቆጻጸር'ውን ሰዓት ኣካላትና እዩ። ሰዓት ኣካላትና ብሓንጎልና እዩ ዝንቀሳቐስ፡ ብግቡእ ክሰርሕ እንተኾይኑ ድማ እኹል ብርሃን ጸሓይ ክረኽብ ግድን እዩ።



ጨረራ ጸሓይ ብዓይንና ኣትዩ ናብ ረቲና (ክፍሊ ዓይኒ) ምስ በጽሐ፡ ብጥሆይታት ተሓጊዙ ናብ ሓንጎልና መልእኽቲ ይሰድድ። በዚ ድማ፡ ሰብነትና ሰዓታት ናይቲ መዓልቲ ብቐሊሉ ክለሊ ይኽእል። ሓንጎልና ድማ ነቲ ዝተቐበሎ ሓበሬታ ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ናይ ሰብነትና ሓበሬታ ብምስዳድ ምስ ወቕቲ ናይቲ ሰዓታት ተሳኒዮም ስርሖም/ ንጥፈታቶም ክካይዱ ይእዝዞም።

ወዲ ሰብ፡ ተፈጥሮ ንዘዳሎ ብርሃን ጸሓይ ጥራይ ዝጥቀመሉ ነይሩ እንተዘይኮይኑ፡ ጸሓይ ክትዓርብ ምድቃሱ፡ ጸሓይ ክትበርቕ ድማ ምብርባር ነይሩ። ኣብዚ ምዕቡል ዘመን፡ ብርሃን ብዝተፈላለየ መልክዑ ክፍጠር ስለ ዝተኻእለ፡ ኣብ እዋን ለይቲ'ውን ድቃስ ከይመጽኣካ ዝኾኑ ንጥፈታት ምክያድ ተኻኢሉ ኣሎ።

ሰዓታት ኣካላትና ብመንጽር ዘረኽቦ ብርሃን ጸሓይ እዩ ዝቕሕ። ኣብ ግዜ ወጋሕታ ቀልጢፉ ብርሃን ጸሓይ ምስ እንረክብ ቀልጢፍና ካብ ድቃስና ክንበራበር ንኽእል።

ኣብ ምፍራይ 'ሜላቶኒን (melatonin)፦

'ሜላቶኒን' ብተፈጥሮ ኣካላትና ዘፍርዮ ሆርሞን እዩ - ብብርሃን ጸሓይ ድማ ይጽሎ። ኣብ ግዜ ጸልማት፡ ፒኒያል ዝተባህለ ጸኪ ናይ ሓንጎልና ብብዝሒ 'ሜላቶኒን' ክፍሪ ይትግበር። ኣብ ግዜ ብርሃን ጸሓይ ግና እቲ ፍርያት ይጎድል።

ምስ ምዕባይ መጠን 'ሜላቶኒን'፡ ምትንኻስ ነርኢ። እዚ ሓደ ካብቲ እቲ ሆርሞን ድቃስ ንኽመጽኣና ዝገብር ኣገባብ እዩ። ብተወሳኺ፡ ምዕሩይ ዑደት ፍርያት 'ሜላቶኒን' ኣብ መዓልቲ፡ ንሰዓታት ኣካላትና ስለ ዘመዓራርዮ - እንታኸስሉ፡ እንድቅሰሉን ካብ ድቃስና እንበራበረሉን ሰዓታት ዳርጋ ወሰኑን ከም ዝኸውን ይገብሮ።

## ኣብ ዑደት ድቃስ (Sleep Cycles)፦

ኩሉ ድቃስ ሓደ ዓይነት ጠባዩ ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ንቡር ግዜ ድቃስ፡ ሓደ ሰብ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ዝኸይድ ዑደት ድቃስ ክህልዎ ይኽእል - ነፍሲ ወከፉ ካብ 70 ክሳብ 120 ደቓይቕ ዝጸንሕ ማለት እዩ። እዞም ዑደት ናይ ድቃስ እዚኦም ብዝተፈላለዩ ደረጃታት ናይ ድቃስ ዝተሰርሑ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም - ካብ ዓይንኻ ዓሚቕካ ምድቃስ ክሳብ'ቲ ናብ ሕልሚ ዝወስደካ ሃለዋትካ ተጥፍኣሉ ዓሚቝ ድቃስ።

ኣብ ግዜ ለይቲ ንብርሃን (ናይ ተፈጥሮ ብርሃን ማለት እዩ) ምቅላዕ፡ ንጽባቐ ድቃስ ጥራይ ዘይኮነ ንዑደት ድቃስ'ውን የመዛብሎ እዩ። ንብርሃን ምቅላዕ ብተደጋጋሚ ከም እትበራበር ስለ ዝገብረካ ንዑደት ድቃስ የመዛብሎ እዩ። ልዋምን ዓሚቝን ድቃስ ክትረክብ ኣይትኽእልን።

ብሰንኪ ነዊሕ ናይ ነፈርቲ ገዕዞ ዝፍጠር ናይ ድቃስ ምምዛብል (jetlag) ሓደ ኣብነት ናይ ተፈጥሮዊ ብርሃን ብዘይምርካብ ዝፍጠር ጸገማት ድቃስ እዩ።

እኹል ድቃስ ከይረኸብና ኑቕሕና ክንበራበርን ነጢፍና ክንሰርሕን ኣይንኽእልን ኢና። ሓደ ሰሶ ናይ ህይወትና ብድቃስ ኢና ነሕልፎ። ከይደቀስና ድማ ብህይወት ክንነብር ኣይንኽእልን።

ኣብ እንድቅሰሉ እዋን፡ ኣካላትና ግዜ ርእሱ ይጽግን። ነቲ ኣብ ሰብነትና ዝርከብ መርዛም ነገራት ድማ የጽርዮ። ካብ ድቃስ ምስ ተበራበርና ኣካላትና ብስርዓት ንኽሰርሑ የኽእሎ።

ዋላ ንሓጺር እዋን ድቃስ ምስኣን ንጥዕናና ኣገዳሲ ሃሳቢ እዩ። ምስ ዘይንድቅስ ኣካላትና ካብቲ ንቡር ንታሕቲ ይሰርሕ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ንልዕሊ 10 መዓልታት ከይደቀሱ ዝጸንሑ ሰባት፡ ከቢድ ናይ ምርዳእን ምግምዛብን ጸገማት፡ ከምኡ'ውን ናይ ባህሪ ለውጢ ከምዘርኣዩ እዮም ዝርአዩ። ገለ ካብኦም'ውን ብፃቓሎም ሃተፍተፍ ናይ ምግላጽን ምሕላምን ጸገማት የርእዩ።

## እኹል ድቃስ ዘይምርካብ ዘፈጥሮ ሓደጋታት

መዓልታዊ እኹል ድቃስ ምርካብ፡ ክጸንዕ ኣብ ጥዕና መላእ ኣካላትና ዝህልዎ ጥቕሚ፡ ሓንጎልና መመለሲ ክምዕብልን ክንጥዕን ይገብር። ከም ውጽኢቱ ብሕማም ጽላል ክንጥቃዕ ዝለና ተኽእሎ ከም ዝጎድሎ መጽናዕትታት ይገልጹ።

ልዕሊ 16 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ዓለም ብስእነት ድቃስ (insomnia) ይሳቐ። መብዛሕትኦም ካብዚኦም ብሕዱር ጸገም ስእነት ድቃስ ዝተጠቕዑ እዮም።

ሓደ ሰብ ንልዕሊ ሰለስተ ሰሙን ዝቐጸለ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓደ ሰሙን መመላእታ ኣኼታቲሉ ልዋም ድቃስ ክረክብ ምስ ዘይክእል፡ ብሕዱር ጸገም ስእነት ድቃስ ተጠቒዑ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ሕዱር ጸገም ስእነት ድቃስ ንተኽእሎታት ጽላለ (dimentia) ብ40 ሚእታዊት ከም ዘዕብዮ ይንገር። ካብ ንቡር ዝተሓተ ሰዓታት ዝድቅሱ ሰባት፡ ኣብ ኣእምሮኦም 'ሃይፐርንተንሲቲስ' (hyperintensities) ከምኡ'ውን 'ኣምይሎይድ' (amyloid) ዝተባህለ ብዕባኽ ከም ዝርከቦም ሕክምናዊ መጽናዕትታት የጽንዑ።

ብዙሕ ግዜ ስእነት ድቃስ ዘጋጠሞ ሰብ ነቲ ኩነታት ኣስተብሂሉ፡ ግቡእ ቆላሕታ ክገብረሉ ኣይረኣን እዩ። ምስ ድኻም ብምትእስሳር፡ ቀሊል ገይሩ ዝወስዶ'ውን ውሑድ ኣይኮነን። ስኑት ድቃስ ግና ክጸዓ'ቲ ዘፈጥረልካ ድኻም፡ ኣብ ኣደሃሮኻ ናይ ምዝኻር ዓቕምኻ ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ኣካላትካ መዓልታዊ ዘካይዶ ንጥፈታትን ልዑል ጽልዋ እዩ ዘለዎ። እቲ ስእነት ድቃስ ተደጋጊሙ ንዊሕ እዋን ምስ ዝቕጽል፡ ጉዳይ ጽላለን ካልእ ዓይነት ሕማም ኣእምሮ፡ ከምኡ'ውን ጸገማት ልቢ፡ ሕማም ሽኮርን ኩሊትን ዝኣመሰሉ ሕማማት ክትከውን ይግበር።



## ቀንዲ ምልክታት ጸገማት ድቃስ

ሓደ ሰብ ኣብ ገለ እዋን ብሰንኪ ብዝተፈላለዩ ናይ ህይወት ብድሆታት ኣብ ግዜ ድቃስ ዘይምቑጽኣት ይሰምዖ እዩ። እዚ ግን ንቡርን ግዚያውን ኮይኑ ቀልጢፉ ዝጠፍእ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ ንዊሕ ምስ ዝቕጽልን ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ናይቲ ሰብ ጸገም ዘፈጥርን ምስ ዝኸውን ግና፡ ሕክምናዊ ምኽሪ ዘድልዮ ይኸውን። ገለ ካብ ጸገም ስርዓት ድቃስ ዘለዎ ሰብ ዘርእዮም ምልክታት፦

- ኣብ እዋን መዓልቲ ቀጨውጨውን ትኽስን ምባል፡
- ከንበዑ ጠጠው ክብልን ተለቢዥን ክዕዘበን ዘይምኽኣል፡
- ኣተኩሮን ኣደህቦን ምጉዳል፡
- ናይ ድኻም ምልክታት ኣብ ገጽ ምዕዛብ፡
- ቀልጢፍካ መልሲ ዘይምሃብ (ብፍላይ ኣብ እትሕተተሉ እዋን)
- ከም ቡን ሻሂን ካልእን ዝኣመሰሉ ውዑይ ማስተ ክትሰቲ ምህራፍ፡

## ስእነት ድቃስ (insomnia)

'ኢንሶምኒያ' ኣብ ብዙሓት ሰባት ዝርአ ልሙድ ዓይነት ጸገም ስርዓት ድቃስ እዩ። ሓደ ሰብ መጠን ዘይልዮ ድቃስ ክረክብ ናይ ዘይምኽኣል ጸገም እዩ። 'ኢንሶምኒያ' ኣብ ገለ እዋን ርእሱ ዝኸኣለ ሕማም ክኸውን እንክሎ፡ ኣብ ገለ እዋን ድማ ከም ጠንቂ ሕማም ጸቕጢ፡ ጭንቀትን ቀዛዘትን ኮይኑ ይግለጽ እዩ።

ብመሰረት እዚ ኣብ ኣመሪካ ዝተኻየደ ሓዲሽ መጽናዕቲ ድማ፡ 'ሲንሶሚንያ' ቀንዲ ጠንቂ ጽላለ ኮይኑ እዩ ተጠቒሱ ዘሎ።

'ኢንሶምኒያ' ከም ውጽኢት ናይ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ እንዘውትሮም ልምድታት ይመጽእ እዩ። ብተደጋጋሚ ብኣንወስዶም መድሃኒታት፡ እንካይዶም ምንቅስቓስ፡ እንወስዶም ዓይነት ማስተን ካልእ ልምድታትን ክመጽእ ይኽእል እዩ።

ዘኾነ ናይ ድቃስ ምስኣን ጸገም ግና፡ 'ኢንሶምኒያ' ማለት ኣይኮነን። ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ንእሽተይ ለውጢ'ውን እንተኾነ ስእነት ድቃስ ከተስዕበልና ትኽእል ኢያ።

- ብተደጋጋሚ ኣብ መንጎ ድቃስ ምትንሳእ፡
- ምሸት ቀልጢፍካ ደቂስካ ብኣግኡ ክትበራበር ዘይምኽኣል፡
- ንኽትድቅስ መድሃኒት ምጥቃም፡
- ኣብ እዋን ስራሕ ቀልጢፍካ ምድካም።

## ፍወሳ

- ዝላሰቦኻዮ ስራሕ ኣቐዲምካ ምፍጻም፡
- ጸቕጢ ዝፈጥሩልካ ነገራት ምውጋድ፡
- ኩሉ ጽባሕ ክትገብሮ እትደሊ ነገራት ኣቐዲምካ ኣብ ወረቐት ኣስፊርካዮ ምሕዳር። እዚ ኣእምሮኻ ብዛዕባ ጽባሕ ኣብ ክንዲ ምሕሳብ ተዛናዩ ክዕርፍ የኽእሎ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም          ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ          ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

# ትንታኔ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ማሊ፣ ስለምንታይ ናብ ዳግማይ ቅልውላው፧



ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ዓለም፡ ማሊ ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነታት ከም ዘላ ኪጋውሓ ቀንየን ኣለዋ። ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ፡ ኣንጻር መንግስቲ ማሊ ብሓባር ንምቅላስ ዝተሰማምዐ ብተወለድቲ ማሕበረሰብ 'ትዋረግ' ዝምራሕ ምንቅስቓስ ኣዘዋድን ብሸበራዊ ዕጡቕ ጉጅለ ኣልቃዒዳ ከም ዝድገፉ ዝንገረሎም ዕጡቓት ተቓወምቲ ጆኒምን ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ናይታ ሃገር መጥቃዕትታቶም ብምሕያል ከቢድ ጸጥታዊ ቅልውላው ኣስዒቦም ኣለው። በቢይኑ ዕላማታት ሒዞም ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝተመስረቱ ኣዘዋድን ጆኒምን ንመንግስቲ ማሊ "ናይ ሓባር ጸላኢ" እናበሉ እዮም ሓቢሮም ዝቃለስዎ ዘለዉ። ኣዘዋድን ጆኒምን ዋላ'ኳ በበይኑ ፖለቲካውን ስትራተጂያዊን ዕላማታት ዘለዎም እንተኾኑ ዕላማታቶም ግን ክዉን ክኸውን ዝኽእል ንመንግስቲ ማሊ ካብ ስልጣኑ ብምእላይ ጥራሕ ከም ዝኾነ እዮም ዝገልጹ። በዚ ከኣ ኣብ ታሪኾም ንፈለማ ግዜ ብሓንሳብ ሰሚሮም፡ ኣብ መንግስቲ ክቃለስዎን ንምዚዛን ሓይሊ ናይቲ ግጭት ክቕይሩዎን ይረኣዩ ኣለው።

ምንቅስቓስ 'ኣዘዋድ'፡ ቀንዲ ዕላማኡ፡ ኣብቲ ዝንቀሳቐሰሉ ሰሜናዊ ክፋል ማሊ ናይ በይኑ ሃገር ንምቛም ክኸውን ከሎ፡ ዕላማ ቃልሲ ናይቲ ብሸበራዊ ጉጅለ ኣልቃዒዳ ዝድገፍ ምንቅስቓስ 'ጆኒም' ድማ፡ ንመንግስቲ ማሊ ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ጥራሕ እዩ። እዞም ነናብይኑ ዕላማታት ተሓንጊጦም ዝተመስረቱ ምንቅስቓሳት እዮም እምበኣር፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኑቲ ኣብ 2020 ብዕልዋ ስልጣን ዝሓዘ መንግስቲ ማሊ ድሌታቶም ከተግብረሎም ዝሓተቱ ዘለዉ። መንግስቲ ማሊ ብወገኑ፡ ንምትሕብባር ኣዘዋድን ጆኒምን ከም ሽርክነት ሸበራውያን ከም ዝቖጽሮ እዩ ዝገልጽ። ምንቅስቓስ ኣዘዋድ፡ ኣብ 2012 ኣብ ምድሪ ቡዳዊ ሰሜናዊ ክፋል ማሊ 'ኣዘዋድ' ኩቡል ዝሰመያ ናይ በይኑ ሃገር እኳ ኣዊጁ እንተ ነበረ፡ ብመንግስቲ ማሊ ይኹን ብማሕበረሰብ ዓለም ግን ኣፍልጦ ክረኽብላ ኣይከኣለን። ናብ ዕጥቃዊ ግጭት ዘእተዎ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ እዚ እዩ ነይሩ፡ "ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት፡ ንኣዘዋድ ካብ ማሊ ነጺልና ርእሳ ዝኸኣለት ሃገር ክትቆውም ዘይገብርናያ ኩቶ ኣይክንድቅሰን ኢና፡" ብምባል ከኣ ብረት ኣልዒሉ ኣንጻር'ቲ መንግስቲ ክቃለስ ጀሚሩ።

እዞም ኣብዚ ሕጂ እዋን ንዋግኡ - ርእሲ ከተማ ናይታ ሃገር ከቢቦማ ዘለዉን፡ ንሓያሎ ከባቢታት ማሊ ድማ ተቖጻጺሮም ዝርከቡን ዕጡቓት፡ ንሰላማውያን ዜጋታት ናይታ ሃገር ቀንዲ ጸጥታዊ ብድሆ ኮይኖሞም ከም ዘለዉ'ዩ ዝንገረሎም። ብፍላይ ኣሽሓት ነበርቲ ሰሜናዊ ክፋል ማሊ፡ ብሰንኪ'ዚ ጸጥታዊ ቅልውላው ካብ ኣባይቶም ክመዛበሉ እንከለው፡ ካልኦት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ድማ ቡቲ ዝቐጸለ ዘሎ ግጭት ሂወቶም ስኢኖም ኣለው። ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ'ቲ ዕጥቃዊ ግጭት ኣሽሓት ኣብያተ ትምህርቲ ክዕጸዋ እንከለዋ፡ ሚልዮናት ቆልዑ ድማ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ቦኺሮም ይርከቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ 4 ክሳብ 5 ሚልዮን ዝግመቱ ህጻናት ንኸቢድ ሓደጋ ጥሜት ተቓሊዖም ኣለዉ።

ማሊ፡ ኒጀርን ቡርኪናፋሶን ኣብ 2020 ድሕሪ ዝተኻየደን ዕልዋ መንግስቲ ብወተሃደራዊ መንግስታት ክመሓደራ ድሕሪ ምጀማረን፡ ካብ ደገ ኪጋጥመን ዝኽእል ስግኣታት ብዐቕዓት ንምምካት ሓባራዊ ልፍንቲ ኣቑመን እየን። ኑቲ ልፍንቲ ድሕሪ ምቛመን ድማ፡ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃዊ ዞባዊ ውድብ (ኢኮዋስ) ዝነበረን ኣባልነት ስሒበን። በዚ ከኣ፡ እተን ዝተረፋ ኣባላት ኢኮዋስ ዝኾና ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ንማሊ ኣንጻር እዞም ሸበራውያን ኣብ እትገብሮ ቃልሲ ክሕግዝኣ ኣይከኣላን። መንግስቲ ማሊ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ቡቶም ብ'ኣፍሪቃን ኮርፕስ' ዝፍለጡ ወተሃደራት ፈደረሽን ሩስያ እዩ ክሕገዝ ጸኒሑ። ካብ'ዘን ዝሓለፋ ሓደት ኣዋርሕ ጀሚሩ፡ ጸጥታዊ ቅልውላው ናይታ ሃገር እናበኣሰ ኣብ ዝመጸሉ እዋን ግን፡ እተን ምስ ማሊ ሓባራዊ ልፍንቲ ዘቖማ ቡርኪና ፋሶን ኒጀርን ናብታ ሃገር ሰራዊተን ይልእካ ዶ ይኾና፧ ዝብል ሕቶ ብብዙሓት ወገናት ክለዓል ጸኒሑ። እዘን ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ምስ ማሊ ብወተሃደራዊ መንግስቲ ክመሓደራ ዝጀመራ ቡርኪና ፋሶን ኒጀርን፡ ብመሰረት እቲ ኣቑመንኦ ዘለዋ ሓባራዊ ልፍንቲ፡ ናብ ጥጡኦ ሰራዊተን ክልእኻ ከም ዝኽእላ'ዮም ተንተንቲ ዝሕብሩ። እንተኾነ ከምቲ ብተደጋጋሚ ክግለጽ ዝጸንሐ፡ ክልተአን ሃገራት ካብ ማሊ ብዘይሓይሽ ኩነታት በዞም ሸበራውያን ምኽኖም ብመንግስቲ ማሊ ዝግለጹ ዘለዉ ዕጡቓት ጉጅለታት ይናወጻ እየን ዘለዋ። ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ቡርኪና ፋሶ እቲ ኣስታት 40 ሚእታዊት፡ ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ኒጀር ድማ ዛጊት ብኣሃዝ ዘይተገለጸ ሰፊሕ መሬት ኣብ ትሕቲ ጂሃዳዊ ዕጡቕ ጉጅለ ጆኒምን ኣዘዋድን ኣትዩ ይርከብ። ስለዚ፡ እዘን ጎረባብቲ ማሊ ዝኾና ክልተ ሃገራት፡ ናይ ባዕለን ጸጥታዊ ብድሆታት ከይበደሃ ናብ ማሊ ሰራዊተን ከዋፍራ ይኽእላ'የን ኢልካ ምዝራብ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ'ዩ ዝኸውን - ብመሰረት ኑቲ ዞባ ብቐረባ ዝከታተልዎ ዘለዉ ተንተንቲ ፖለቲካ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካልኦት ከም ናይጀርያን ሴኔጋልን ዝኣመሰላ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝርከባ ጎረባብቲ ሃገራት'ውን፡ ኣንጻር እቶም ምስ ዳዕሽ ይኹን ኣልቃዒዳ ርክብ ዘለዎም ዕጡቓት ጉጅለታት ንምቅላስ ናብ ማሊ ሰራዊተን ከዋፍራ ዝኽእላ ኣይመስላን እየን። እቲ ምኽንያት ከኣ፡ እዘን ብወተሃደራዊ መንግስታት ዝምርሓ ዘለዋ ሰለስተ ሃገራት፡ ካብቲ ኩለን ኣባላት ንሓድሕደን ክትሓጋገዛ ዝተሰማምዓሉ ዞባዊ ውድብ ኢኮዋስ ስለ ዝወጻ እዩ - ብመሰረት እቶም ተንተንቲ። ስለዚ፡ እዚ ሕጂ ኣብ ማሊ ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው፡ ዘይከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብታ ሃገር ዝተራእየ ተመሳሳሊ ግጭታት፡ ኣዝዩ ቡዳሂ እናኾነ ክቕጽልን ንህላወ ናይቲ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኮነ ሓድነታዊ ግዝኣት ናይታ ሃገር ሓደጋ ክኸውን'ን ከም ዝኽእል'ዩ ዝንገረሉ ዘሎ።

ማሊ፡ ዋላ ደኣ ካብ 2020 ኣትሒዛ ብወተሃደራዊ መንግስቲ ክትመሓደር ትጀምር'ምበር፡ ክሳብ ሕጂ ግን ኑቲ ምስ ሸበራውያን ሓይልታት ቀጥታዊ ርክብ ዘለዎም ጂሃዳውያንን ካልኦት ዕጡቓትን ዘኪይድዎ ዘለዉ መጥቃዕትታት ክትገትእ ኣይከኣለትን ዘላ። በዚ ከኣ ኣብዚ እዋን ሰፊሕ ከባቢታት ናይታ ሃገር ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ወጻኢ ኮይኑ ኣሎ። ብኣሃዝ ክረአ እንከሎ፡ ዳርጋ 70 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ማሊ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ናይዞም ዝተጠቕሱ ዕጡቓት ጉጅለታት ኣትዩ ኣሎ። ረኺቦሞ ዝጸንሑ ልዑል ህዝባዊ ደገፍ እናሰኣኑዎ ዝመጽኡ ዘለዉ መራሒ ማሊ ኣሲሞ ጎይታን ፕረዚደንት ቡርኪና ፋሶ ኢብራሂም ትራኦረን ኑቶም ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ኣብቲ ዞባ ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው ኮይኖም ዘለዉ ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክድምስሱዎም ምዃኖም ቃል ኣትዮም ኣለው። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ መዓልታት፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ማሊ፡ እቶም ዕጡቓት ጉጅለታት ብሓባር ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ማሊ ብዘካየድዎ ናይ ድብያ መጥቃዕትታት፡ ብውሑዱ 50 ወተሃደራት ከም ዝተቐትሉ እቶም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ኣብ ማሊ ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ዓሚቝ ጸጥታዊ ቅልውላው፡ ኣስታት 730 ሽሕ ነበርቲ ኣብ ውሽጢ'ታ ሃገር ክመዛበሉ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 300 ሽሕ ነበርቲ ድማ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ሃዲሞም ኣለው። ማሊ ብዘለዋ ዘይተኣደነ ዕቑር ምድሪ ሃብቲ፡ ኣብ ዓለም ሓንቲ ካብ'ተን ኣብ ቅድሚት ዝስርዓ ሃገራት እኳ እንተ ኾነት፡ ብሰንኪ ኣብቲ ዞባ ዘሎ ጸጥታውን ፖለቲካውን ቅልውላው፡ ብሰንኪ'ቲ ዘለዋ ዘይማዕበለ መመስርሒ ማዕድናት ግን፡ ሃብታ ብዝዋጾኣ ክትጥቀመሉ ኣይከኣለትን ዘላ። ብተወሳኺ፡ ማሊ ብዕደና ወርቂ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ እያ ትስራዕ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣዝዮም ክቡራት ዝበሃሉ ከም ሊትዩም፡ ማንጋኒዝ ዩራንዩምን ሓጺንን ዝኣመሰሉ ማዕድናት'ውን ኣብ ከርሳ ብብዝሒ'ዮም ዝርከቡ። ይኹን'ምበር፡ እዛ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ኣፍሪቃ እትርከብን ኣስታት 22 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋን ሃገር፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ብሰንኪ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት፡ ሓንቲ ካብ'ተን ኣብ መስመር ድኽነት ዝርከባ ሃገራት ዓለም ኮይና ትቕጽል ኣላ።



## ሎሚ ኣብ ERI - TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ድራማ |
| 14:00 | ሄሎ ድባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:15 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ፊልም እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ህድሞ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳውን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጋሻ ማእገር |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊልም እንዳ ዝማም |

# ሳዋ ሓበን ወለዶታት ኤርትራውያን

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ ሃለቃ)

ስእሊ:- ጨንፈር ስእሊ

ከም'ቲ ትማሊ ኣብ ሳሕል ዝተሳሕለ መንእሰይ ኤርትራ፡ ሎሚ ድማ መንእሰይ ናይዛ ሃገር፡ ኣብ'ታ ሳሕላዊት ሳዋ እዩ ዝሰሓል ዘሎ። ፍቕሪ ሃገራውነት ኤርትራውያን ካብ ቀዳሞት ሕብረተ-ሰብና ዝተመሃርናዮም መቕድማት እየም። ከም ደቂ ካብ ጥንቲ ዝተፈጥረ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ክብርታት እዩ። ኣብ ግዜ ሰውራ ድማ ዓንበቡ ፍረኡ ሂቡ።

ሳላ ምውርራስ ክብርታት ድማ ሎሚ ከም'ታ ብፍርያት ተጠርኒቓ ዘው



ዘበሉት ገረብ ወይኒ፡ ብፍቕሪ ዘንሳዕልዎን ዝሰወደን ሽቡብ ናይዚ ሃገር ብዕጽፊታት ኣሻሕ ኩይኑ ደርኩቡ። ኣብ ዕርድታት መትከልን ጽንዓትን ሰቲትን ሓድነትን ኣትኪሉ ኣብ ቦታ ቅያ፡ ቅያ ደሰርሒ ኣሎ። ጅግንነት ስረ ኣቦታቱ ከም ጸወታ ሪሊይ እናሰጋገረን እናተቐባበለን ታሪኽ ናይዛ ሃገር ይዕቅበን ናብ መጻእቲ ወለዶታት የመሓላልፍን ኣሎ። ብኣምሳል ደምጽታት ናይቶም ዝሓየሉ እንስሳታት በረኻ እናደገመ ድማ ንፍቕሩ ኣፍሳዕ የሀንዘዎ። “መን ክብልዕ ኣንበሳ...”፡ “ኣሎኻዶ ወዲ ኮበራ ምልክቱ ሰቲት ፍቕሪ” እናበለ ከኣ ንግሆን ምሸትን ብመዘምር ደቂ ጽንዓት ኣብ ቦታ ጽንዓት ይግስግስ ኣሎ። ብመንገዲ ሓቅን ትብዓትን ይመላለስ፡ መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብ ሰላምን ርግኣትን ይመሃሩን ብወፈራ ማእቶት መሬቶም የልምዑን የሰላልሱን፡ ኣብ ግዜ ኩናት ድማ ሃገሮም ይከላኸሉን ክብርታቶም የውሕሱን።

ምናልባት ተጻይ ምስ ዝርከበን ዘይጥዑይ ንፋስ ምስ ዝፍሰን ድማ “ኣናፍራ ቀጀሕ ዘይፈልጥስ ኣይሃዳናይን” ከም ዝበሃል፡ ኣንፈት ናይቲ ንፋስ ናበይ ምኳኑ'ውን ኣጥዕዮም ይፈልጥዎ። ቡቲ ካብ ኣቦታቶም ዝተመሃርዎ ቋንቋን ኣናብጦን ጅግንነት ከኣ፡ ንኹሉ እንተታት ድሉዋት ይኾኑ። እዚታት ኩሉ ሳላ ሳዋ ዘጥረዩዎ ብልሒ እዩ።

ደቂ ሳዋ ክልተ ዘይረአ ረቂቕ ብልሕን ዕጥቕን ኣለዎም። ስሙር ኣተሓሳስባን ብስለትን። ምናልባት ሰብ ምኳን ከይተርፍ፡ ኣብ መንገኣም ካብ ጽኑዕ ስርናይ ክርዳድ ምስ ዝርከብ ድማ ቡቲ ዝተመሃርዎን ዝፈልጥዎን ቋንቋ ናብ'ቲ ዘይብተኽ ስሙርን ስጡምን መስርዕ ይመልስዎን የእትውዎን። ጸባቖ ናይዚ ማስመር'ዚ ዘይብርሆም ሓይልታት

እየም ድማ ንባዕሎም ድቃስ ለይቲ ስኢኖም ሽርሒታት እናኣለሙ፡ ድቃስና ቀቲሎም ዝሓድሩ።

ደቂ ሳዋ፡ ኣብ ሳዋ ኩይኖም እየም፡ ነታ ዝሓልምዋ ተበሃጊት ዘመናዊት ሃገሮም ዝስእሉዋ። ደቂ ሓድነት ኣብ ቦታ ሓድነት ዓሲሎም፡ ንጽባሕ ዝኑበርዎም ዓበይቲ ኣገራት ብኸርዓትን ሓበንን ይትልሙ። ትልሞም ቅኑዕ ስለ ዝኾነ፡ ብኣእምሮን ኣካልን በሲሎም ኣብ ልምዓትን ህንጻትን፡ ብሞያን ትምህርትን ንሃገሮምን ህዝቦምን ብተወፋይነት ይሰርሑ። ምኽንያቱ፡ ሳዋ ሰብ እያ ተሃንጽ። ናብዘን ናብትን ዘይብል ብንፉስ መንጠለን ዘይሽቡብ ጽኑዕን ብሉጽን ሰብ። ኣሸሓት ደቂ ፍቕሪ ድማ፡ ካብታ ቦታ ፍቕሪ በሲሎም ይወጹ፡፡ ንፍቕሮም



ብዕጽፍታት እናራብሑ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገሮም ንመዛናኦምን ኣሕዋቶምን የውርሱን የንግሱን ኣለው።

ንራእ ህዝባዊ ግንባር ዝተረድኡ ማሸኛ ኣቦይ ሓገስ ጉብረሚካኤል ዝበልዎ ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ ምዝካር እውን ግዜኡ ይመስለኒ። ኣብ መጀመርታ ዙርያታት ደቆም ከመርቑ ናብ ሳዋ ምስ ወረዱ፡ ንተዓለምቲ ደቆም ኣብ ሓንቲ ሰሚርዎም ቅያ ክሰርሑ ምስ ረኣዩዎም፥

እቲ ትምህርቲ ሃገራዊት ዩኒቨርስቲ እያ። ብሩህ መጻኢን ራኢን ዕላማ፡ ባህልን ስነ-ምግባርን ዘለዎም ንቑሓትን ወፋያትን መንእሰያት ኣብ'ዛ ቦታ እየም ዝሰርሑ። ፈተውቲ ታሪኾም፡ ብልሓተኛታትን ጻዕረኛታትን ብሓፈሻ ከኣ፡ ብኽልንትናኦም ጥዑያትን ሕቡናትን መንእሰያት ካብ ካልእ ዘይኮነስ ምንጮም ካብታ ሃገረ መንእሰያት ዝኾነት ሳዋ እዩ ተረጋጊጹ።

ሳዋ ሓቀኛታት ሰባት ተፍርእ፡ ንዝቖሽ ልቢን ንዝኾብጠ መሓውርን እተቕንዕ ቦታ እያ። ቤት ጽርበት ሰብነትን ኣእምሮን እያ። ብዓቢኡ ሰፈር ጅግንነት ኤርትራውያን ወለዶታት እያ - ሳዋ። ቀራጽነትን ተጻዋርነትን፡ ትብዓትን ጽንዓትን፡ ሓበንን ኩርዓትን ካብ ሳዋ እትመሃርዎ ቃል ብሉጽነት እየም። ብሓጺሩ ሳዋ፡ ደንበ ምትእኽኻብ ኤርትራውያን መንእሰያት እያ። ሓድሕድ ፍልጠትን ተመኩሮን ባህልን ስነ-ምግባርን ዝቐስሙላ ዓባይ ደንበ። እዛ ቅርዓት ምምኽኻር ኤርትራውያን ወለዶታት ዝኾነት ቦታ፡ ከም ንህቢ



ፈንቅል፡ ብዝዕባ ሓድነት ኣመልኪቶም ሓርበኛ ኣቦና ሮሞዳን መሓመድኑር ዝበልዎ ወርቃዊ ቃል'ውን እኹል ይመስለኒ። “ውሽጣዊ ሓድነትካ ምስ ኣሐየልካ ኢኻ ትሕይልን ንጹላኢ እትስዕርን፡ ኣብ መውዳእታኡ ድማ እቲ ዓወት ዘይተርፍ እዩ”። ብትኽክል ህዝብን መንእሰይን ኤርትራ በዛ ፈትሊ እዚኣ ሰለዝኸይድ እዩ ሚዛኑ ክኸብድ ዝኸኣሉ።

## ሳዋ ጥዕምቲ ሳዋ ምቕርቲ
## ሳዋ ሻኻ መንእሰይ ሳዋ ለምለም ሰቲ
## ሳዋ ቤት ጅግኑ ናይ ሃገር መብራህቲ
## ኣትንዶ ክብለክስ ኣቲ
## ንሎሚ ዘመን መዐለሚት፣ ንዓመታ ዩኒቨርሲቲ።

ከም ዝበሉ ኣይርሳዕን። ልክዕ ከም'ቲ ኣቦይ ጉብረሚካኤል ዝበሉዋን ዝተነበዩዋን ድማ፡ ብድሕሪኡ ሳዋ ቦታ ትምህርትን ፍልጠትን ኩይና ትቕጽል ኣላ። ከም'ቲ እዞም ክቡር ኣቦና ዝበልዎ፡ ኣሰራርሓ ሳዋ ብሓንቲ ወንጭፍ ክልተ ዑፍ እዩ። ተውሳ ኩይና ትዓዩ። ወተሃደራዊ ትምህርትን ኣካዳሚን ብሓደ ኣጣምሪራ

ኣብኣ ዓንኮም ብዛዕባ ህዝቦምን ሃገሮምን ብዓቢኡ ብዛዕባ ኑቦሶምን ሕብረተ-ሰቦምን ይዝትዩን ይዓዩን። ከም'ዚ ብምኳኖም'ዩ ድማ ሐደት ሰብ ጉደቦና፡ ንትርኢት ደቂ ሳዋ ዘይብርሆም። ብፍላይ እቶም ብሓድነትና ከም መንጸሮር ሕማም መርዘን ዝሕዞም ገናኑ፡ ሳዋ ግን ከም ዕርዲ ሓጺን መሊሳ ንሳን ደቃን ተረሪራን ሰዊዳን ትርከብ። ነዚ መግለጺ ዝድርዕ ኣብ በርቃዊ መጥቃዕቲ ስርሒት

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋናት ነዚ ሓድሽ ወለዶ፡ ክብርታት ኣቦታቱ ኣጽኒዑን ወሪሱን ቅያ ክፍጽም ዝረኣየ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ “ዋርሳይ ኣብ ከቢድ ከቢዱ” ከም ዝበለ እውን ኣይርሳዕን። መግለጺ መንእሰያት ኤርትራ እዚ እዩ።

ጀነራል ስቡሓት ኤፍሬም ሓደ ግዜ፡ “እቲ መንገዲ እናተረረ ክኸይድ እንከሎ፣ እቶም ጽንዓት እየም ዘወጽእዎ” ኩብል ተዛሪቡ ነይሩ። ብልክዕ መንእሰይ ኤርትራ፡ ነቲ ቀጻሊ ዘጋጥሞ ዘይተኣደነ ተጻብኦታት ገናዞን ከደምሶም ብኻልእ ብልሓት ዘይኮነስ ሳላ'ቲ ነቕ ዘይብል ጽንዓቱ እዩ ሰጊሩዎ።

ኣብ ጉድኑ ደው ዝበለ እንኮ ሓው እንተነይሩ፡ እቲ ኣብ ሰውራ ዝሃነጾ ኣብ ሳዋ ከኣ ዝኸብሮ መትከል ጽንዓቱ እዩ። እዚ መትከል እምነት እዚ ድማ'ዩ ንህላወኡን ራህዋ መጻኢኡን ኣውሒሱ። መንእሰይ ኤርትራ ብሳዋ ዝመላለሰ ሰለዝፋቐር እዩ። ኣብኣ ኩይኑ፡ ርእሰ ምርኩሳን ሃገራዊ እምነትን ይመሃር። ካብኣ ወጺኡ ድማ፡ ብዘጥረዮ ንቕሓትን ፍልጠትን ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ኩይኑ ብዛዕባ ሃገሩን ህዝቡን ይሓስብ፡ ይዋሳእ፡ የልምዕን ይከላኸልን። እዚ ተግባር እዚ ድማ፡ ካብ ሳዋ ቋጺርዎ ዝመጸእ ሰንቂ እዩ። ንዋሒ እዋን ድማ የሳልዮ። እቲ መስመር ፍቕሪ'ውን ዘቋርጽ ኣይኮነን። እናሓደረ ይኸሓዕን ይድራዕን ኣሎ። ኣብ 1994 ብቐዳማይ ዙርያ ኣቢሉ ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ኣሃዱ ኢሉ ዝፈለመ ወፍሪ ፍልጠትን ንቕሓትን መንእሰያት ኤርትራ፡ እንሆ ሎሚ ንመበል 38 ዙርያ ዓውዲ ምህርቱ ክሓፍስ በቒዑ ኣሎ። ሳላ እዚ ጸጋ'ዚ ድማ ህዝብን መሪሕነትን ኤርትራ ከቢሩ ደርኩቡ። እዚ ጸጋ እዚ ብወዝቢ ዝተረኽበ ኣይኮነን። ክቡር ዋጋ ተኸፊልዎ እዩ። ነዚ ስለዝፈልጥ እዩ ድማ ሽቡብ ናይዚ ሃገር፡ መመለሱ ኣብ ቅርዓት ሓድነት ዝደምቐ።



# ማህደር ጀጋኑ


ሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ፈረሰኛ ኣጋር ሓኪም

ዳኒኤል ኣሰፋው እዩ ዝበሃል። ካብ ትሸዓት ደቂ ዘዕበየት ስድራ-ቤት፡ መበል ሳልሳይ ተርታ ሒዙ ኣብ ከተማ ኣስመራ (ቪያ-ኒጌሊ. ከባቢ. ሰታንታኦቶ) ተወሊዱ ዓብዩ። ወላዲኡ ኣቶ ኣሰፋው ኣስገዶም፡ ናይ መዚቃ ዝንባለ ስለ ዝነበሮ፡ መሳርሒታት መዚቃ ካብ ገዛኦም ርሒቑም ኣይፈልጡን። ምሩቕ ቤት ትምህርቲ ስኡ-ኪኑት ኣስመራ - ናይ ሽዑ ተግባረ ኢድ - ብምንባሩ፡ ባዕሉ ብዝሰርሓ ቦክስ-ጊታር ይዘናጋዕ ነይሩ። ካብ ደቁ ድማ፡ ዳኒኤል እቲ ብሞያ ወላዲኡ ዝተጸልወ ቀዳማይ ነበረ። ብፍላይ ኣብ ትሸዓት ዓመቱ ፍሉይ ናይ መዚቃ ፍቕሪ ስለ ዘሕደረ፡ ናይ ኣቦኡ ቦክስ ጊታር ገይሩ ትሪምሪም ኩቡል ይውዕል ነይሩ።

ዝንባለ ወዱ ዝተዓዘበ ኣቶ ኣሰፋው ኣስገዶም'ውን፡ ግዜ ሂቡ ከለማምዶን ከተባብዖን ጀመረ። ኣብቲ ባዕሉ ከም ኣቦ መንበር ኮይኑ ዝመርሖ ዝነበረ ፍኖተ-ብርሃን ቅድስቲ ማርያም ቤተ ክርስትያን'ውን፡ ንወዱ ከም ዘማራይ ኣመዝገቦ። ዳኒኤል'ውን ኣይሓመቐን፣ በቲ ዝረኸቦ ርሒብ ዕድል ተደጊፉ፡ እናዘመረን መንፈሳዊ ትምህርቲ እናቐጸለን ንዝነበሮ ናይ መዚቃ ዝንባለ ከዕብን ከማዕብልን ተራእዩ። ኑቲ ዳኒኤል ኣብ ሓጺር ግዜ ዝመጽኦ ምዕባለ ብደቂቕ ዝተኸታተለ ወላዲኡ፡ ሕጂ'ውን ኣብ ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤተክርስትያን ከረሻ (ከባቢ. ሲኒማ ክሮቾ-ሮሳ) ምስ መምህር ጸጋይ ጉብረስላሴ ንኽልተ ክረምቲ ኣብ ክልተ ወርሒ. መዚቃ ከም ዝመሃር ገበሮ። ድሕሪኡ፡ ንፊዝርሞኒካ (መሳርሒት መዚቃ) ተላልዩ ዚያዳ ክለምዳን ብምልኣት ክጻወታን ከኣለ። ብማዕረ'ቲ ናይ መዚቃ ዝንባለኡ፡ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ'ውን ነፊዑ 11 ክፍሊ. በጽሐ። ብኸምዚ. መንገዲ. ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ ይኽእል'ዩ ተባሂሉ ተሰፊ ኣብ ዝተነበረሉ ግዜ ግን፡ ንዳኒኤል ዕንቅፋት ኣጋጠሞ። ካብ ትጽቢቱን ትጽቢት ወለዱን ወጻኢ. ብ1984 ንበሪራዊ ውትህድርና ተጻውዐ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ስርዓት ደርግ፡ ብዘይካ'ቲ ናይ ብሄራዊ ውትህድርና ቀጥታዊ ጻውዒት፡ መንእሰያት ናብ ሜዳ ኤርትራ ንኸይከዱ ንምስዳዕ ዝጥቀመሉ ሜላታት ዘመተ የካይድ ነበረ። ንሱ ድማ፡ ኤርትራውያን ብ90 ኪሎ ስርናይ ከም ዝዓጥቁ ምግባርን፡ ኪኑት ብዝተበሃሉ ጉጅለታት ስኡ-ጠበብ ምርኢታት እናቐረበ ልቢ. መንእሰይ ምስላብን እዩ። ይኹን'ምበር ብዘይካ ሓደ ክልተ መንእሰያት፡ በዞም ኪኑት ዝበሃሉ ጉጅለታት ግርህ ኢሉ ዝደናገር ኣይነበረን። ዳኒኤል'ውን ወላ'ኳ ከመዛዝን ዝኽእል ዕድመ ኣይንበሮ፡ ብዞዕባ ገፋዒ ተግባራት ስርዓት ደርግ ግን ዝኣክል ተመኩሮ ነይሩዎ እዩ። ብውሕዱ ኣብ ከተማ ኣስመራ ብዛዕባ ዝተፈጸመ ግፍዕታትን ዘጋጥም ዝነበረ ሸቑረራን ሓሳረ-መከራን ይርዳእ ነይሩ እዩ። ናይ ከምዚ ዝመስል ተግባር ዘሎዎ ስርዓት



ዳኒኤል ናብ ሜዳ ኣብ ምውጽኡ

ብረት ዓጢቕካ መጋበርያኡን ኣንጻር ህዝቦኻን ስድራቤትካን ደው ምባል መሲታ ሞት ኮይኑ ስለ ዝተሰመዖ፡ ካብዚ. ዝርሕቀሉ ሓንቲ ኣማራጺት ተራእየቶ። መጋበርያ ጸላኢ. ኴንካ ሕሱር ስራሕ ካብ ምፍጻም፡ መንገዲ. ስደት ምኽታል ዝሓሸ ኣማራጺ. ኮይኑ ተራእዮ። ምስ ወለዲ ይኹን ምስ ኣዕሩኽቱ ከይተላዘበ ድማ፡ ካብ ጻውዒት ብሄራዊ ውትህድርና ብህጹጽ ዘምልጠሉ መንገዲ ጥራይ ብምሕሳብ፡ ካብ ቤቱ ሓፍ ኢሉ ናብ ሱዳን ክሰግር ተበገሰ። ነዚ. ውሳነ ክወስድ እንከሎ፡ ናይ 17 ዓመት ዕድመ ጥራይ ነበሮ።

ዳኒኤል፡ ኣብ በረኻ እንታይ የጋጥም መረዳእታን ተመኩሮን ስለ ዘይነበሮ፡ እንታይ የድልዮን ብኸመይ ኣገባብ ይስገርን'ውን መጽናዕቲ ኣይመሃሮን። ነዚ. ሕጽረታት'ዚ. ከይመርመረ ስለ ዝተበገሰ ድማ፡ ኣብ በረኻ ኣንፈቱ ኣጥፊኡ ዕንክሊል ኩቡል ጀመረ። እንተኾነ ጠፊኡ ከይጠፍእ ዕድሉ ጸቢቑ፡ ኣብ ኣራዊትን ኣብ ኢድ ከታሮን ከይወደቐ ብተጋደልቲ ተታሕዘ።

ሽዑ ዳኒኤል፡ ካብ ሓሰቡዎ ዝነበረ መንገዲ. ስደት ብምስንኻሉ ከሕዝኖ እንከሎ፡ በቲ ካልእ ገጽ ድማ፡ ካብቲ ኣንጻላልዩዎ ዝነበረ ናይ ጥፍኣት ሓደጋ ተገላጊሉ ኣብ ኢድ ኣሕዋቱ ተጋደልቲ ብምውዳቑ ተረጋግአ። ግን፡ ገና እቲ ናብ ስደት ናይ ምኻድ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮኡ እናሸርኸረ ናብ ክፍሊ. ታዕሊም ሳዋ ተጸንበረ። እዛ ድሕሪ ናጽነት'ውን ማእከል ትምህርትን ስልጠናን መደና መንእሰያት ኮይና ትምልምል ዘላ ሳዋ፡ ቅድሚ ናጽነት'ውን ንዳኒኤልን ብዙሓት ከም ዳኒኤል ዝኣመሰሉ መንእሰያትን ኣንቂሓ፡ ወዲባን ኣዕጢቓን ኣብ ግቡእ ሃገራዊ ኣበርክቶ ክውፈዩ ገይራ እያ። ንዳኒኤል ከኣ፡ ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ምስ ኣተወ፡ መልሚላቶን ኣብኡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ስልጠና ወሲዱ ንቕሓት ከም ዝዓጥቕ ገራቶን እያ።

ኣብቲ መጀመርታ ብተጋደልቲ ምስ ተታሕዘ፡ ተገራጨውቲ ስምዒታት ዓሲሎሞ'ኳ እንተነበሩ፡ ድሓር ግን ፈትዩዎን ተቐቢሉዎን እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝወሃብ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ምስቶም ካብ ኣስመራን ካብ ካልእ ኩርናዓት ሃገርናን ክጋደሉ ዝመጽኡ መንእሰያት ምስ ተራኸበ፡ ብዙሕ ነገራት ክዕዘብ ስለ ዝኸኣለ፡ ብዛዕባ ጸኒሕ ውልቃዊ ኣተሓሳስባኡን መርገጹኡን ክመራመርን ክግምግምን ኣኽኢሉዎ እዩ። ብውሕዱ፡ 'ኣነ ስለ ምንታይ ናብ ስደት፣ እዚ.ኣቶም'ኸ ስለ ምንታይ ናብ ምግዳል' ንዝብሉ ሕቶታት ክምልስ ደሪኹዎ እዩ።

ምኽንያቱ፡ ብዛዕባ ተግባራት መግዛእቲ ካብ ኣዒንቱን ኣእዛኑን ስዉራት ኣይነበሩን። ምስ'ቲ ንመግዛእቲ ኣመልኪቱ ዝወሃብ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኣስተምህሮታት ብምዝማድ፡ መንገዲ ስደት ናይ ምኽታል ምርጫኡ ብናይ ምግዳል ምርጫ ተኪኡ ክኸልሶ ኣኽኢሉዎ እዩ። ኣብ ዝግባእ ግዜን ኣብ ዝግባእ ቦታን ከም ዘሎ ስለ ዝኣመነ ድማ፡ ኑቲ ኣብ ታዕሊም ዝወሃብ ዝነበረ ዓይነታት ስልጠና ዓቢ. መኽሰብ ምዃኑ ተረዲኡ። 'ተጋዳላይ' ዝብል ክቡር ስም ክለብሶ'ሞ ቀያ ክሰርሕን ንሃገሩ መስዋእቲ ክኸፍልን ምስ ውሽጡ መብጽዓ ኣትዩ ስልጠናኡ ድሕሪ ምዝዛም፡ ኣብ ወተሃደራዊ ቤ/ጽሕፈት ክፍሊ. ምቁጽጻር ዓቕሚ ሰብ ዓምበርቡብ ተመዲቡ ግቡኡ ከበርክት ጀሚሩ።

ኣብ ዓምበርቡብ ምምዳቡ፡ ብሓቂ ጽቡቕ ዕድል'ዩ ኣጋጢሙዎ። ምኽንያቱ፡ እዚ. ቦታ'ዚ. ማእከላይ ቤት ጽሕፈት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዝተደኮነሉ፣ ዓበይቲ ሰብ ሞያን ሰብ ተመኩሮን ተጋደልቲ ዝርከቡሉ ቦታ እዩ። ሕክምና ውድብ፡ ክፍሊ. ጽጋና ሬድዮ፡ ስሊያ 72፡ ጋራጅ ዓምበርቡብ፡ ፍሉይ ጉዳይ፡ … ዝሓቖፈ ዓበይቲ ንጥፈታት ዝካየደሉ ቦታ'ዩ ነይሩ። ዳኒኤል'ውን ኣይነኣሰን፣ ኑቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝተቐመጠሉ ዕድላት፡ ምስ ዝተፈላለዩ ኣርካናት ገድሊ፡ ብሱላት፡ ኢያታቱን መዘናታቱን ተጋደልቲ እናተራኸበን እናዕለለን ኣፍልጦኡ ከዕብን ተመኩሮኡ ክማዕብልን ክኢሉ እዩ። እቲ ቦታ ከምኡ ስለ ዝነበረ፡ ንምዕባለኡ ኣገዳሲ. ክፍሊ. ነይሩ። ተኽሊጥ (ምዝናቕ) ተገይሩ ናብ ኣሃዱ ክፍሊ ሰራዊት 70 ክሳብ ዝምደብ፡ ንዕምሩ ምሉእ ዘገልግሎ ተመኩሮታት ቀሲሙ'ዩ ተቐይሩ።

ኣብ ሓምለ 1985 እዩ ናብ ክፍሊ ሰራዊት 70 ተቐይሩ። ናብዚ. ሰራዊት'ዚ. ምስ ተመደበ'ውን ኣይተጋየሸን። ካብቲ ኣብ ክፍሊ. ታዕሊምን ኣብ ዓምበርቡብን ዝቐሰሞ ህይወት ገድሊ. እኹል ተመኩሮ ኣዋህሊሉ እዩ። ግን ከኣ፡ ናብራ ሰራዊት ናይ ገዛእ ርእሱ ፍሉይነትን መቐረትን ከም ዘለዎ ካብ ዓይኒ ተዓዚቡ ባህርያቱ ኣየምለጠን። ኣብ ቅድመ ግንባር ዝርከብ ተጋዳላይ፡ ካብቲ ናይ ደጀን ፍልይ ዝበሉዎ ቋንቋታት ማሕበራዊ ህይወትን ውግእን ከም ዘለዉዎ ተረድኦ። ንዳኒኤል፡ እዚ.'ውን ትምህርቲ እዩ። ዝኣቶም'ውን ክመስሉም ነዊሕ ግዜ ኣይወሰደሉን። ምስ ብጾቱ ከም ማይን ጸባን ብምዃን ኣብ ዝተዋህቦ ዕማም ብተወፋይነት ተዋስአ።

ተጋዳላይ ዳኒኤል ኣሰፋው፡ ኑቲ ብወዝቢ. ዝተጸንበሮ፡ ግን ከኣ ብልቢ. ዝተቐበሎን ዘፍቀሮን ህይወት ተጋዳላይ ርዒሙ ብተወፋይነት ክቃለስ ዝተዓዘቡዎ ሓለፍቱ፡ ሞያ ደለቡ፡ ዚያዳ ከበርክተሎም ስለ ዝኾምገሙዎ ንናይ ኣጋር ሓኪም ኮርስ ክመሃር ሓጸዩዎ። ካብ ብህጻኑ ጀሚሩ ዝንባለ መዚቃ ከም ዝሓደሮን ብኡ ክዓቢ. ጀሚሩ ከም ዝነበረን ልዕል ኢልና ተረኺብና ኢና። ብተወሳኺ፡ ቅድሚ ናብ ሜዳ ምውጽኡ ፍቓድ መምርሒ. መኪና ኣውጺኡ ነይሩ እዩ። በዚ. መሰረት፡ ሞያዊ ስልጠና ክድልብን ብሞያኡ ክምደብን እንተድኣ ኮይኑ፡ ዳኒኤል ካብዚኣቶም ወጻኢ. ሓሰቡ ኣይፈልጥን። ግምታቱ፡ ከም መራሒ. መኪና፡ ወይ ድማ ከም መዚቀኛ ኣብ ጉጅለታት ባህሊ. ክምደብ ተኽእሎ ከም ዝህሉ ጥራይ ነበረ። 'ኣጋር ሓኪም ክትመሃር ክትገይሽ ኢኻ' ዝብል ትእዛዝ ምስ መጽኦ ግን ኣብ ትጽቢቱ ዘይነበረ'ኳ እንተኾነ፡ ግን ብጽቡቕ መንፈስ ተቐበሎ።

ዳኒኤል፡ ሳላ ሞያን ተወፋይነትን ኣጋር ሓኪም፡ ኣብ ዓውደ ውግእ ህይወት ብዙሓት ብጾቱ ንኸሰከላ ክድሕን ይርእይን ይድሳቐን ስለ ዝነበረ፡ ኑቲ ትምህርቲ ብልቢ. ተቐቢሉ ምስ ከምኡ ክመሃሩ ካብ ሓይልታት ተመሪጾም ናብ ሓለቡት - ሕክምና ውድብ - ዝወረዱ ተጓዕዘ። ኣብ ሓለቡት፡ ንኣዋርሕ ድሕሪ ዝወሰደ ስልጠና፡ ኣጋር ሓኪም ኮይኑ ናብ ኣሃዱኡ ተመሊሱ ብርእሰ ምትእምማን ሞያዊ ሓላፍነቱ ኣብ ግብሪ ኣመስከረ።

ብፍላይ ድሕሪ ምድምሳስ እዚ. ናደው፡ ጸላኢ. ንዝተረፉ ከተማታት ኤርትራ ንምዕቃብ ናይ ጻዕረ-ሞት ውግእ የካይድ ነበረ። ጠገለ ኣልቦ ካብ ስኑፍልጢታዊ ወጻኢ. ናብ ናይ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ ቀይሩዎ ነበረ። ኣብዚ፡ ጸላኢ. ብዙሕ ክሳራ ዓቕሚ ሰብን ንዋትን ኣጋጠሞ። ብኡ መጠን ከኣ ኣብ ሰራዊት ወገን ዝተኸፍለ መስዋእቲ'ውን ኣቃልልካ ዝግመት ኣይኮነን። ዳኒኤል፡ ኣብዚ. ትብዓትን ቀራጽነትን ዝሓተተ ዓውደ-ውግኣት፡ ብጾቱ ንምሕካምን ንምድሓንን ብተወፋይነት ሰርሐ። ትብዓትን ቀራጽነትን ኣብ ዝሓተተ ናይ 4 ግንቦት 1988 ውግእ ሩባ ዓንሰባ ከኣ፡ ኣብ ክልቲኣን ኣእጋሩ ከቢድ መውጋእቲ ኣጋጠሞ። ሽዑ ናብ ሕክምና ምስ ተላእከ፡ ብኡ ኣቢሉ ናብ ዝነበሮ ኣሃዱን ዝፈትዎም ብጾቱን ኣይተመልሰን። ማህረምቱ ከቢድ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ዕቃብ ብረት ክፍልታት ክፍሊ ሰራዊት 70 ብምምዳቡ፡ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ኣገልግሎት እናሃበ ናጽነት ኤርትራ ክርኢ በቒዑ።

ዳኒኤል፡ ንዘወረደካ ስንክልና ምቕባል ቀዳማይ ፈውሲ. ምዃኑ'ዩ ዝኣምን። ኣብ ርእሲ. ወዲሰብ ዝፍጠር ስንክልና'ዩ ከቢድ'ምበር፡ ንተፈጥሮኣዊ ይኹን ብኻልእ ዝመጽአ ኣካል ምጉዳል ክሰዓር ከም ዝኽእል ይትንትን። ብፍላይ ሓደ ናጽነት ሃገር ከምጽእ እናተቓለሰ ዝሰንከለ ሰብ፡ ንስንክልናኡ ብሓበን ኩርዓትን ተቐቢሉ ህይወቱ ክመርሕ ጸገም የብሉን። ጎደሎ ኣካል ምዃኑ'ውን ኣይፍለጦን እዩ። ዳኒኤል፡ ናይ ከምዚ. ባዕሉ ኣብነት እዩ። ምኽንያቱ፡ ናጽነት ኤርትራ ጋህዲ ምስ ኩነ'ውን ኣብ ገዛ ኮፍ ኣይበለን። ብቐጥታ ናብ ስራሕ ተዋፊሩ፡ ካብ'ታ ተወሊዱ ዝዓበየላ ከተማ ኣስመራ ርሒቑ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ብምምዳብ ንህዝቢ. ከገልግል'ዩ ተራእዩ።

ሓቦ ዳኒኤል ኣሰፋው ኣብኡ ደው ዝበል ኣይኮነን፣ ኤርትራ ሃገርና ኣየር ናጽነታ ከተስተንፍስ ዕድል ከይሃበ ስርዓት ወያነ ኣብ ዝወለዶ ኩናት'ውን ዳግማይ ኣብ ቅድመ ግንባር ኩቲቱ ተዋጊኡ እዩ። ተጋዳላይ ዳኒኤል ከም ብዙሓት ሓርበኛታት ብጾቱ ተጣይሱ፡ ከም ሲቪል ውልቃዊ ህይወቱ ንምምራሕ ሰለይ ኩቡል ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ፡ ፍጹም ኣብ ሓሳቡን ቀልቡን ዘኾነ ኤርትራዊ ዘይነበረ ኩናት ተላዓለ። እቲ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ከፊሉ ናጽነት ዘምጽአ ህዝቢ. ኤርትራ ድማ ሃገር ንምውሓስ ሰንኩሉን ጥዑዩን ናብ ድፋዕ ሃገሩ ወሓዘ።

**ይቕጽል**
**ጸሓፊ ዛንታ፦**
**ማቴዎስ ኣብርሃ (ባርያ)**
**ተረኽቲ፦ ዳኒኤል ኣሰፋው ምስ**
**ሌኮሎ በላይ መሰፍን**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ትዕበ መብራህቱ ኣብዪ፡ ኣደይ ፋና ኣስፍሃ እልፈ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ. 32 ይቕረብ።

ተጋ/ለላ ተስፋማርያም ስብሃቱ ወለድና ተስፋማርያም ስብሃቱ ገብረን ኣዴና ርሻን የዕበዮ ገብረሚካኤልን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን08/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተቓወሞ ተኸሳሲ ወረ/ፍ መብራህቱ ኣበ ተፈራ 1. ኣቶ ዘርኣብሩኽ መብራህቱ 2. ኣቶ ዋልታ መብራህቱ፣ ብተቓወምቲ ወረ/ፍ ጀነራል ኣበ ተፈራ ቦጋለ ወረ/ፍ/ ሄር ወ/ሮ ኣሰካሉ ማርያም ብጹዕ ፋሲል ኣበበ ተፈራ የማነ ኣበ ተፈራ ስራፌኤል ኣበ ተፈራ ኣንጻርኩም ናይ ተቓወሞ ውርሲ ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን06/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘይብልኩምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ጉት የውሃንስ ሃብተማርያም፡ ወኪል ፍረኣለም ከርስ ኣብርሃ ስም ኣደ ኣቡሓጎይ ንግስቲ መሸ ወልዱ ምባል ተረፉ፡ ንግስቲ ሃብተማርያም ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን07/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ. 47 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ጉት ደብሳይ ገብረስላሴ፡ ኣቦይ ደብሳይ ገብረስላሴ ሰዩም ስለዝዋረፈ፡ ንደይ ወ/ሮ ሉተንከኤል ወልደማርያም ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ኣብርሃም ጺጋይ ኣርኣያ፡ ተጻዋዕቲ 1. ኣቶ ሙሴ ጺጋይ ኣርኣያ 2. ኣቶ ሰለሙን ጺጋይ ኣርኣያ፣ ናይ ጥፉኣት ምልክታ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘይብልኩምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ብርኽቲ መድህን ተሰፉ፡ ተኸሳሲ ምሕረትኣብ መለስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘይብልካሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ኣስቴር ብርሃ ዓይናም፡ ተጸዋዒ ብዮል ቤተይ ካብ 2005 ዓ/ም ደሃይ ስለ ዘይብለይ፡ ናይ ጥፉእ ወረቐት ክወሃበኒ ኣብ ጋዜጣ ይቃልሓለይ ስለ ዝበለት፣ ን30/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ምም/ከበ. ዓረዛ ትካል ሸቐጣ ሸቐጥ ብቑ. ልቸንሳ DML00010354 ቑጽሪ መዝገብ DMR 0008996 ዝኾነ፡ ንኣቶ ተስፋኣለም ከስተ ከበደ፡ ካብ ዕለት 01/08/2026 ክሳብ 30/07/2028 ከኪርዮ ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ጨንፈር ሚ/ሪ ንግዲ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ውዕልና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ የውሃንስ መልኣከ
ወኪል ወ/ሮ ሰናይት ደግያት

---

ኣመልካቲት ሳባ ኣርኣያ በራኺ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ጎዳይፍ፡ ጎደና ኣርበኞች ቁ.ገዛ 20 ብቑ.ምስክር ወረቐት 114370 መወከሲ. ቁ.134842፡ብስም 1. ኣቶ የማነ ደብሳይ ኣስገዶም 2. ወ/ሮ ሓዳስ ገብረሚካኤል ቃሉ፡ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ኣብ ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ዝተደኮነ 2 ቀንዲ ክፍልታት፡ ዓይኒ ምድሪ ክሽነ ምስ ኮሪደዮ 2 መኻዘኒ ጋራጅ መኪና፡ ምስ ካንቸልሉ ዘጠቓለለ ስለዝዓደኽዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ።

ሳባ ኣርኣያ በራኺ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ኢዮን ጸሎት ቁ.ገዛ ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00039313 ናይ ተንቀሳቓሲት እንዳ ሻሂ መኪና ትካል ናይ ኣቶ ርቢል የማነ ተወልደ፡ ብዕለት 25/02/2025 ቁ.መዝ 50/2025 ብውህብቶ ስለ ዝሃበኒ፡ ብስም ወሃቢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስመይ ተቐባሊት ውህብቶ ክምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ።

ሰላማዊት ተኸለ ርእሶም

---

ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ፕሎት 4 ቁ.ፓርሰል ዞን ASP00030837 ፓርሰል "D" ስፍሓት መሬት 240 ት/ሜ ዓይነት ገዛ ተረ፡ ከበ. ዚፕ ኮድ ዕዳጋ ሓሙስ 1A112-14 ቁ.ገዛ 7፡ ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1/008279 ብስም ሰንበቱ ገብረመድህን ተኸለሰንበት፡ ብውህብቶ ዝረኸብኩዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝ. ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ሊድያ ኣብርሃም ገብረዝጊ

---

ኣመልካቲ ኣነ ኣቶ መሓሪ ዘርኣብሩኽ ተድላ ዝተበሃልኩ፡
1. ኣብ ምም/ን/ዞባ 4+ ኣስመራ፡ ኣብ ውሽጢ መደበር መደብ 'ለ" ቁ. 28 ትካል እንዳ ኤሌትሪክ መሸጥን መዓረይን።
2. ኣብ ምም/ን/ዞባ ማ/ከተማ፡ ምም/ከበ. ጣዑ ጥቓ ባር ሊድያ እንዳ ኤሌትሪክ ሓፈሻዊ መዐረይን መሸጥን ቁ.ገዛ B16 ስለ ዘለዋ፡ ክዕሪ ንዝኣተወ ንብረት ዋናታቱ ገዩፍም ዝኾኑ፡ ንምቕማጡ ልዕሊ ዓቕመይ ስለ ዝኾነ፡ እቶም ንብረቶም ክዕሪ ይኹን ኣቕሚጥኩም ዝኸድኩም፡ ጋዜጣ ካብ ዝተኣወጀሉ ዕለት ጀሚርኩም፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ንብረትኩም ከተልዕሉ፡ ብድሕሪኡ ግን ብንብረትኩም ከም ዘይሕተት፡ ምልክታይ ብትሕትና ኣቕርብ።

ኣቶ መሓሪ ዘርኣብሩኽ ተድላ

---

ኣብ መንነ ኣካራያይ፡ ኣብርሀት ተኸለ መንግስቱ (ወኪል ዜናዊ ጎኔጨ ግርመ) ተኻራዪቲ፡ ክየር ኑርኣሕመድ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00005495 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ተጋደልቲ ቁ.ገዛ 13/15 ዝተመዝገበ ናይ ቤትቁርሲ ንግዳዊ ንጥፈት፡ ካብ ዕለት 30/06/2026 ጀሚሩ ከም ዝተቛረጸ እናሓበርና፡ ዝቃወም ኣካል ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ናብ ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ከቋርጽ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብርሀት ተኸለ መንግስቱ
ወኪል ዜናዊ ጎኔጨ ግርመ

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅሮ ወድናን ሓውናን ኣቶ ገብረሂወት ኢሳቅ መሻሻ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ካብ ግዜ ሕማሙ ምስ ዓረፈ፡ ሬሳ ኣብ ምፍናውን ዝነበርኩምልና ምትሕብባር፡ ተቐሚጦ ስቱትጋርትን ከባቢኣን ጀርመን ክሳብ ዓዲ ገሸናሸም ብምኻድ ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ኣሕዋት፡ ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝገጸና ንሕብር።

ወላዲኡ ኢሳቅ መሻሻ
ብዮልቲ ቤቱን ደቁን ምስ
ምሉኣት ስድራቤትን

---

ኣነ ከስተ መድሃኔ ገብረኣምላኽ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 3 ምም 03 ጎደና ሸኽ ዓምር ሸኽ ኣልኣሚን ቁ.17 ነበር ብቑ. ምስክር ወረቐት ቁ.114896 መወከሲ. ቁ.107245 ቁ/ሎታ 217 ብዕለት 30/08/1996 ብስም ኣቶ ሃብተማርያም መዝገበ ጎሹን ወ/ሮ ተብርህ ወልደሚካኤል ዋህድን ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ሊብሬቶ ናይ ገዛ ክፋል ካብኡ 200 ሜ/ት ስለዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ንምትሕልላፍ ዘድሊ ኦሪጂናል ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣና፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣሎኹ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑ. ስልኪ 07155095 ክሕብረና፣ እንተዘየሎ፡ መተካእታ ክወሃበና ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ከስተ መድሃኔ ገብረኣምላኽ

---

ኣነ ዳንኤል በራኺ ኢያሱ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገዛባንዳ ጉደና ኣውላን ዚፕኮድ 1A197 ፕሎት ፓርሰል G&F 21 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 9,235 ብዕለት 25/06/2026 ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1BRASM019730 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ዳንኤል በራኺ ኢያሱ

---

ኣመልካቲት ሰናይት ታረቀ ተስፋልደት +7 ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣባሻውል ዚፕ ኮድ 1A119 ጎደና 119-6 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ብቑ. 8.783 ብዕለት 9/09/2025 ብስም መዋቲ ብዮል ቤተይ ማእከለ ርእሶም ወልደማርያም ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ኣብ ስፍሓት መሬት 106.00 ት/ሜ ስፍሓት ስሩሕ ገዛ 67.00 ት/ሜ ዝተደኮነ ብውርሲ ናብ ስምና ከመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ብዘለና ኦሪጂናል ሰነዳት ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ሰናይት ታረቀ ተስፋልደት +7

---

ኣነ ገብረእግዚኣብሔር ተስፋይ ስእለ +1፣ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል (ዞባ 7 ምም02) ዝርከብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ 125/01 ብዕለት 31/01/2001 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ፡ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ተስፋይ ስእሉ +1

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Financial Reporting Specialist**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 Years)**
**Major Duties and responsibilities**

- Deliver weekly, monthly, quarterly & year-end financial results accurately, within deadlines and in accordance with Financial Manager's requirements
- Maintenance and implementation of internal financial controls in accordance with Company and Financial Manager's requirements
- Motivate and manage direct sub-ordinates within the Finance team
- Develop relationships and do problem solving resolution with divisional managers and peers
- Assist Financial Superintendent with integration of all company records & ledgers
- Fully Manage the External Audit Function.
- Maintain the company's commercial trading function, raising of mineral invoices and documentation.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Responsible for maintenance of books of accounts and financial records.
- Manage finance staff.
- Control of the general ledger, GL maintenance and financial reporting.
- Ensuring all monthly processing is correctly done, thereby providing accurate financial information.
- Preparing monthly management accounts in conjunction with the Financial Superintendent.
- Reconciling balance sheet and income statement accounts.
- Detailed monthly expense variance reports and identification and resolving of cost issues before they have any major impact.
- Revenue review and reporting on revenue fluctuations.
- Assist with the yearly budget compilation.
- Assist with generating quarterly forecasts.
- Develop relationships and problem resolution with other managers.
- Assist towards FM responsibilities.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Degree in Accounting or equivalent<br>• Full CA/ACCA<br>• Good Systems and Microsoft tools knowledge (ERP knowledge a prerequisite |
| Working Experience – Nature & Length | • 5 years Financial Accounting & Reporting experience in a Mining Environment.<br>• Knowledge of Mining, Business & Commercial acumen |
| Technical Skills | • Minimum 5 years Financial Accounting & Reporting experience.<br>• General understanding of mining accounting & mining relevant IFRS. |
| Behavioral Skills | • Communication (English & local language)<br>• Analytical and problem shooting mindset.<br>• Results oriented<br>• Ability to work toward strict deadlines<br>• Assertiveness<br>• Strong Interpersonal skills<br>• Discretion<br>• Integrity<br>• Self-discipline<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment<br>• Risk management & assessment |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period( 2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**IT Specialist**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 Years)**
**Major Duties and responsibilities**

- Installing, configuring, and maintaining hardware, software, and network administration systems.
- Troubleshooting IT issues, resolving system outages, and providing technical support.
- Monitoring system performance and ensuring optimal uptime for all IT resources.
- Managing IT security protocols to protect systems from potential threats and vulnerabilities.
- Assisting with data backups, disaster recovery planning, and implementation.
- Recommending necessary upgrades or replacements.
- Documenting IT policies, procedures, and troubleshooting guides for internal use.
- Conducting periodic system analysis and audits to ensure compliance with organizational IT standards.
- Collaborating with other departments to understand technology requirements and integrate new technologies.
- Assist Finance and Admin Manager in driving value through cost effectiveness and efficiency

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Maintain essential IT infrastructure, including operating systems, security tools, applications, servers, email systems, laptops, desktops, software, and hardware
- Take responsibility for projects and solutions within the larger business initiative
- Handle business-critical IT tasks and systems administration
- Research and evaluate emerging technologies, hardware, and software
- Track and maintain hardware and software inventory
- Manage, monitor, and maintain Data Centre infrastructure, Server Rooms, HCI platforms, virtualization environments, storage systems, backup solutions, and Disaster Recovery (DR) sites to ensure maximum uptime and business continuity.
- Administer enterprise network infrastructure including Core Switches, Access Switches, Routers, Firewalls, VPNs, Structured Cabling, LAN/WAN connectivity, Internet links, and Corporate Wi-Fi networks, ensuring optimal performance, security, and availability.
- Manage IP Telephony systems, Video Conferencing solutions, Print Management systems, Active Directory, DNS, DHCP, Microsoft 365 services, user accounts, access control, and endpoint management.
- Perform daily IT operations including system health monitoring, security patching, troubleshooting, incident resolution, performance tuning, asset management, vendor coordination, documentation, and implementation of IT security best practices.
- Track IT service performance through Key performance Indicator ( KPIs) and Service legal agreement (SLAs), prepare operational and management reports, support IT projects and upgrades, and provide regular technical status updates and recommendations to the Manager.
- Manage enterprise infrastructure under a structured framework of shared authority and operational collaboration with IT SI.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • BA Bachelor's degree in Information Technology, Computer Science, or a related field.<br>• 7-10 years of demonstrable experience as an IT specialist or in technical support, system analysis, network administration, or a related role.<br>• Proficiency in operating systems (Windows, and Linux,) and network technologies( Cisco & UNIFY).<br>• Knowledge of network administration protocols, firewalls, and IT security best practices.<br>• Strong troubleshooting and problem-solving skills for hardware and software issues.<br>• Familiarity with cloud computing platforms (AWS, Microsoft Azure, Google Cloud).<br>• Understanding of cybersecurity principles and data protection practices.<br>• Excellent interpersonal and communication skills to interact with technical and non-technical stakeholders and assist users with varying technical proficiency.<br>• Ability to work independently or as part of a team to manage IT projects.<br>• Attention to detail and organizational skills to handle multiple tasks efficiently.<br>• Familiarity with IT help desk systems and ticketing tools. |
| Working Experience – Nature & Length | • 5 years experience in a Mining Environment on FIFO status<br>• Knowledge of Mining IT systems. |
| Technical Skills | • Minimum 5 years experience<br>• Preferably with Mine start up experience |
| Behavioral Skills | • Communication (English & local language)<br>• **Analytical and problem shooting mindset.**<br>• Results oriented<br>• Ability to work toward strict deadlines<br>• Assertiveness<br>• Strong Interpersonal skills<br>• Discretion<br>• Integrity<br>• Self-discipline<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment<br>• Risk management & assessment |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period( 2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ካብ ዘባታት

## ኣጀርበብ - ዝኽሪ ንሕናን ሓፋሽ ህዝብናን

ገርጊስ ፍቓድ
ዞባ ዓንሰባ

ኣብ ዘመሓሰውራ ናይ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ደጀን ሰውራ ዝነበረት ምምሕዳር ከባቢ ኣጀርበብ፡ ንብርክት ዝበሉን ዝተፈላለዩን ቀወምትን ተንቀሳቐስትን ኣሃዱታት ውድብ፡ ንመጻናዕትን ዝተፈላለየ ስርሒታትን ከም ማእከል እተገልግል ዝነበረት ታሪኻዊት ዓዲ'ያ።
ኣብ'ቲ ናይ ዓሰርተታት ዓመታት ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዓወት ሰውራ ኣብ ምዝዛድን ምርግጋጽ ናጽነትን ከም ነጥበ መቐይሮ ዝጥቀስ ባብ ዘርሓወ ስርሒት ምፍራስ ናደው እዝ እዩ። ነቲ ስርሒት ንምትግባር ኣብ ዝተገበረ መጸናዕቲ ይኹን ኣብ እዋን'ቲ ዓርሞሸሻዊ ስርሒትን ድሕሪኡን ዝነበረ ኩነታት፡ ኣብ ኣጀርበብን ከባቢኣን ዝነበሩ ናይ ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነትን ሓፋሽ ውድባቶምን ታሪኽ ዝሰነዶም ብዙሓት ቅያታት ኣለው።
ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ማሕበራት ገድሊ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ኲናት ዝተፈላለየ ስርሒታት ዝተኻየደሉ ታሪኻዊ ፍጻመታት፡ ብዙሕ ማዕዋእቲ ዝተኸፍለሉ ታሪኻዊ ቦታታት ዓውደ-ውግእ ብምብጻሕ ተዘክሮታት ንምሕዳስ፡ ታሪኽ ንምስናድን ነቲ መቓልስቲዮም ዝነበረ


ኣቶ ባህልቢ ሙሳ

ሓፋሽ ህዝቢ ኣፍልጦን ሞጎስን ኣብ ምሃብ ንኡድን ኣተባባዕን ተበግሶታት ይወሰድ ኣሎ።
ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልትን ሓፋሽ ውድባትን ማእከላይ ምብራቕ ነበር ናይ ለምዘበን ዓመታዊ ዝኽሩን በዓሉን ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ብኢጋጣሚ ዝኽሪ መበል 35 ዓመት ናጽነት ብፍሉይ ምድላውን ደምቀትን ኣብ ኣጀርበብ ከም ዝበዓል ገይሩ። እቲ "ንሕናን ሓፋሽ ውድባትናን" ብዝብል መሪሕ ቴማ 17 ግንቦት ዝተኻየደ ድሙቕ ጽንብል፡ ኑቶም መቓልስቲ ነበር ተጋደልትን ህዝብን ገጽ-ንገጽ ዘራኸበ ታሪኻዊ ኢጋጣሚ ነይሩ። ኣብ ዘመነ ቃልሲ ኣብ ብርኽም ዘስተንፍሱ ዝነበሩ ምዑታት መንእሰያት፡ ሎሚ ድሕሪ 35 ዓመታት ሽምግለምን ቁመናኦም ተለዊጡን ምርኣይ፡ ንቡር




ስነህይወታዊ ክስተት'ዩ። እቲ ሃገራዊ ወናምን መንፈሶምን ግን መንእሰይ'ዩ ዘሎ። ብሓፈሻኡ ኣባላት ሓፋሽ ውድባት ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ነበር፡ ብፍላይ ከኣ ህዝቢ ኣጀርበብን ከባቢኣን በቲ ዝተገብረ ናይ ዝኽሪ መደብ ኣዝዮም ተሓጒሶምን ተተባቢዖምን፡ ነቲ ቅድሚ 35 ዓመታት ዝነበረ ኣደናቒ ሰውራዊ ስርሒታት፡ ፍጻመታት ቃልስን ወሰሎታቶምን ብሓበን ጸወዮምሉ።
እዛ ሎሚ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ እትጥርኣፍ ምምሕዳር ከባቢ ኣጀርበብ፡ ኣብ ሰሜናዊ ጫፍ ምድረሰኩና ኣብ ትሕቲ በረኽቲ ጎቦታትን ዓበይቲ ሕሉማትን እተደኮነት፡ በቲ ናይ ግዜ ዘመሓሰውራ ቅርጺ ምምሕዳራዊ ካርታ፡ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ እትርከብ ናይ'ቲ ዞባ ደጀን ሰውራ ኮይና ዘገልገለት ታሪኻዊት ዓዲ'ያ። ኣብ ሰለስተ ተመሳደውቲ ሕሉማት ዝርከቡ ሩባታት መኪት ዘለዋ፡ ሻከትን ፍሩህን ከም ማእከል ምምሕዳርን ምወፋርን ኣባላት ክፍሊ ህዝቢ ጀማሂር ገጠር፣ ኣባላት ወሸጣዊ ስርሒት 06፣ ስለያ ውድብ 72፣ ሃንደሳ፣ ዞባዊ ሰራዊት፣ ኮማንዶ፣ ሕክምና፣ ከም'ኡ'ውን ተንቀሳቐስቲ ኣባላት ደምጺ ሓፋሽን ካልኦት ኣሃዱታት ውድብ፡ ንመጻናዕትን ስርሒትን ዝተኣኻኸበሉ፡ ብዙሕ ዝኽርታት ዝሓቘፈ ቦታታት'ዩ።
እዚ ካብ ከተማ ከረን 17 ኪሎ ሜትር ርሒቓ እትርከብ ዓዲ፡ ምስ ምፍራስ እዚ ናደው ዝተኣሳሰር ብዙሕ ዝኽሪ ኣለዋ። ብፍላይ እቲ ካብ ከረን ዝጠለሰን ዝምእከልን ዝነበረ ዝዓበየ ክፋል ናይቲ ኣብ ኤርትራ ዓስኪሩ ዝነበረ 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ብዘምልክት ክርከብ ዝድለን ዝከኣልን ኣጉዳሲ ሓበሬታታት ንምጽናዕ በዚ ማስመርዚ ብዙሕ ንጥፈታት ተኻይዱ። ኣብ ሕሉማትን ሩባታትን ኣጀርበብ ዝሰፈሩ ኣባላት ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ውድብ፡ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ብኣካልን ብምስጢራዊ መስመራት ወፋያት ወሸጣዊ ስሩዓትን እናተንቀሳቐሱ፡ ኣዝዩ ፈታኒ መድረኽ ቃልሰን ተወፋይነቶን'የም ኣሕሊፎም። በዘእዋኑ ኣብ'ዚ ማስመርዚ ኣብ ወሽጢ መጸናዕትን ስርሒትን ከለው፡ ብወፍሪ ጸላኢ ብድብዩ፡ ብደሎን ሃንደበትን ብዘጋጠመ መኻልፍ ዝተኸፍለ ማዕዋእቲ፡ መውጋእትን ንኽላ ካብ ሞት ምድሓንን ካልእ ተደጋጋሚ ክስተታትን ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ።
ብፍላይ ገለ ገለ ፍጻመታት፡ ኣዝዮም ዘርሙ፡ ፍጡር ወዲ ኣዳም ክጸወሮምን ከተግብሮምን ይኽእል'ዩ ኢልካ ክትሓስቦም ዘጸግሙን ኣሰደመምትን ትረጃዲ፡ ልዑል ትብዓት፡ ተበላሓትነት፡ ጽግዓትን ተወፋይነትን ዝሓተተ ነይሮም። ኣብ'ዚ ማስርሕ'ዚ ብኩብሪ ዝተሰውኡ ዓበይትን ማእከሎትን ሓለፍቲ፡ ተራ ተጋደልትን ወፋያት ኣባላት ሓፋሽ ውዱባትን ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ኣብ ኣብዮተ ማእሰርቲ ደርጊ ተዳጉናም ብዮፍዲ ዝተቐንጸሉ፡ ብሕሰም ዝተሳቐዩን ዝሰንከሉን'ውን ወሓዳት ኣይኮኑን።
እቲ ማስርሕ ቃልሲ ብኣዝዩ ልዑል ብቕዓት ምዕቃብ ምስጢራውነትን ጥንቡብን ዝቀየድ ዝነበረ ኮይኑ፡ ዳርጋ ብምሉኡ እቲ ሓፋሽ ህዝቢ ዋላ እቲ ብረት ዘይዓጠቐ'ውን ንቑሕ ተጋዳላይ'ዩ ነይሩ። ኣብቲ ናይ ቃልሲ ማስርሕ ስሩዕን ውዱብን ኣገባብ ምትሕልላፍ ሓበሬታ ወፍሪ ጸላኢ፡ ካብ ጸላኢ ንምኽዋልን ሰውራ ንምዕቋብን ዝወሰድ ዝነበረ ድራማዊ ጥበባት፡ ከም ጭርጭር ዓበደ ዝምሰል'ዩ። ጸላኢ ናብ ቦታኦም ንበርሳ ገጹ ክወፍር ከሎ ተጋደልቲ ከኣ ንወሽጢ ንከተማ ገጾም ይኣትዉ። ጸላኢ ዘለዎ ዕጥቁን ሰንቁን ኣይልዳሉ ጃጅ-ማጃጅ ኣኻኺቡ ካብ ከረን ብኣንፈት ሰሜናዊ ምብራቕ ሩባ ዓንሰባ ሰጊሩ ብማስመር ጸርግያ ገሉብ ንብዓል ሙሻ፡ ፈለዳርብ፡ በስኩዳራን ኣጀርበብን ገጹ ክወፍር ከሎ፡ ተጋደልቲ ከኣ ንወሽጢ ገጾም ንባምቢ ይኣትዉ። ባምቢ ብሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ ከረን ምስ ማርያም ደዓሪ ለጊባ እትርከብ ካብታ ከተማ ናይ ኣስታት 2 ኪሎ ሜትር ርሕቀት ዘለዋ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽር ጸላኢ እትርከብ ዓዲ'ያ።
ተጋደልቲ ዝበዝሕ እዋን ምስቲ ህዝቢ ተመሳሲሎም (ዳርጋ ኩሎም ጸቡቕ ምልክት ናይቲ ከባቢ ቋንቋን ባህልን ስለዝነበሮም) ከም ኩነታቱ ጓሶት፡ ሓረስቶት፡ ሸቓሎን ሸቃጦ ጥራትን ተመሳሲሎም፡ ተጣቢቦም ብዘይ ጸገም ይንቀሳቐሱ ነይሮም። ንኣብነት እቲ ብጸላኢ ብፍሉይነት ዝህደንን ዝድለን ዝነበረ ኣባል 06 ነበር ስውእ መም. ሙብራህቱ ጉብረመድህን ኣብ ዕለተ ንግደት ናይ ባምቢ ከም ዕዱም ጋሻ ኮይኑ ምስ ጦር-ሰራዊት ኣብ ሓደ መኣዲ ተቐሪቡ ምስኦም ኣዕሊሉን ተመሳጊኑን ከይዱ።
ኣብ ምምሕልላፍ ሓበሬታ፡ ብፍላይ ወፍሪ ጸላኢ ወይ ፍሉይ ምንቅስቓስ ኪጋጥም ከሎ እተን ኣቐዲምና ዝጠቐስናየን ኣብ ማስመር ኣጀርበብ - ከረን ዝርከባ ዓድታት ካብ ባምቢ ጀሚረን ኣቐዲመን ኣ'ብ'ታ ቅድሚኣን ዘላ ዓዲ ሓበሬታ ስለዘመሓላልፋ፡ እቲ ሓበሬታ ኣብ ሓጺር እዋን ቀዲምዎም ንኣጀርበብ ይበጽሕ ነይሩ። ነፍሲ ወከፍ ዓዲ መጓልታዊ ዝ ተልእኾ'ዚ ዝተመደበ ተረኛ ሰብ ነይሩዋ። እቲ ካልእ ዘርም ጉዳይ ከኣ፡ ምስ ጸላኢ ዝዓጠቑ ኣባላት ምሊሻ ስርናይ፡ ምስ ዕጥቆም እናተዋፈሩ ንተጋደልትን ወሸጣዊ ስሩዓትን ከሰጋዩ ካብን-ናብን ንዘንቀሳቐሱ ኣሃዱታትን ንብረትን ውድብ ከሰጋዩን መናወራ ክገብሩን ዝተወደቡ እዮም ነይሮም። ኩሉ ኦርጋኖምን ዓይኖት ብረቶምን ብሰውራ ዝተመዘዘ ኮይኑ፡ ቀትሪ ብጸላኢ፡ ለይቲ ከኣ ብጀማሂር ይመሓደሩ ነይሮም። እዚ ብልዑል ምስጢራውነት ተዓቂቡ ዝትግበር ዝነበረ ትንግርታዊ ቅያታት ቃልሲ፡ ኣንጠልጣሊ ዛንታታት ሓፋሽ ውድባትን ተወፋይነቶምን ኮይኑ፡ ኣዝዩ ዘርም'ዩ።
ብዓሰታት ሰኩና ትፍለጥ ከባቢ ኣጀርበብን ጉደቦታቱን (ሳንቓ፡ ፈለዳርብ፡ ሙሻ ሸባሕን ዓይግኑ፡ ፍሳርኹ፡ በስኩዳራ፡ ፈርሔን)፡ ካብ መፋርቕ 1960ታት ጀሚሮም ምስ ሰውራኦም ዝተወደቡን ዝዓጠቑን ስለዝነበሩ፡ ብፍላይ ኣብቲ መጨረሻ መድረኽ 1960ታትን መጀመርያ 1970ታትን ዳርጋ ኩለን ዓድታት 2-3 ግዜ ስለዝነደዳ ሰበን ተመዚቢሉ፡ ንብረተንን ጥሪተንን ተዘሚቱን በረሱን ኣብ ጾናታት ተቐይረን'የን። ኣብ ዝተበታተነ ቁሸታትን ፈቓዶ ሕሉማትን ደማ ሰፊረን። ጃምላዊ ህልቂት በስኩዳራን ጾናን'ውን ኣካል ናይ'ዚ ዓዲታት'የን። ኣብ መንጎ ኣጀርበብን በስኩዳራን ዘሎ ርሕቀት ከኣ፡ ካብ 4 ኪሎ ሜትር ዝዘይድ ኣይኮነን።
ህዝቢ ሰኩና፡ ብስሩዕ ተወዲቡ ኣብ ንጡፍ ኣበርክቶ ሰውራ ዝተሳተፈሉ፡ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት በጦሎኒ 9 ኣብቲ ከባቢ ድሕሪ ምምጻእ'ዩ፡ ብዝያዳ ከኣ ድሕሪ 1980ታት፡ ምስ ምምጻእ "ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ ይዕጠቕ" ዝብል መሪሕ ቴማ ወደብቲ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር'ዩ።
ኣብ እዋን ምፍራስ ናደው እዚ፡ ብፍላይ እታ ንማስመር ማሱሓሊት ክትዓጹ ምስ ዝተመደበት ክ/ሰ 52 ኣብ መጸናዕቲ ይኹን መንገዲ ምምራሕ ሓንቲ ጋንታ ምሊሻ ናይ ን/ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ተመዲባ ነይራ። ድሕሪ ምፍራስ ናደው እዚ ኮይኑ፡ ካብ ኣፍዓበት ዝተበታተነ ብራርያ ሸሸ ሰራዊት ደርጊ፡ መጨረሻ ኣብ ኣጀርበብ'ዩ ተደምሲሱ። ህዝቢ ኣጀርበብን ዓዲታት ሰኩናን ከኣ ዳግማይ ብበድ ተመዚቢሉ ገሊኡ ንከተማ ከረንን ንዓድታት ዓደዘሞትን ገጹ፡ ገለ ክፋሉ ከኣ ንሳሕል ገጹ ከይዱ። እቲ ከባቢ ከኣ ክሳብ 1991፡ ኣካል ናይቲ ካብ ማሱሓሊት ጀሚሩ ምስ ግንባር ሮራ መንሳዕን ሰሜናዊ ባሕርን ዝኣሰር ድፋዓት ኮይኑ ጸኒሑ።
ህዝቢ ኣጀርበብ ድሕሪ ናጽነት'ዩ ኣብ ዖና ዓዲታቱ ተመሊሱን ዳግም ተጣይሱን። ሎሚ ከኣ ኣብ መድረኽ ርሁው ናጽነት ኮይኑ ምስ መቓልስቱን ሓለፍቱን ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ዝ ድሙቕ ጽንብል ኩበዕል በቒዑ።
ኣመሓዳሪት ን/ዞ/ሓመልማሎ ወ/ሮ ኣምና ሓጅ ኣብቲ ኢጋጣሚ ኣብ ዘስመዓቶ መደረ፡ ንኣዳለውቲ በዓል፡ ኣባላት ማሕበር


ወ/ሮ ኣምና ሓጅ

ምትሕግጋዝ ተጋደልትን ሓፋሽ ውድባትን ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ነበርን ዕዱማት ኢጋይሽን 'እንቋዕ ኣብቀዓና' ድሕሪ ምባል፡ ህዝቢ ኤርትራ ሳላ ጽኑዑ ቅኑዕን ወፋይን መሪሕነቱን ንጹር ማስመሩን ኣብ ቃልሲ ንናጽነትን ምዕቃብ ልኡላውነትን ዝሰገሮ ብደሆታት፡ ዝኸፈሎ ማዕዋእቲ፡ ዝመከቶ ቅሉዕን ስዉርን ተጻብኦታት፡ ብልዑልን ወሁድን ሃገራዊ ንቕሓት መኪቱ ኣብ'ዚ መድረኽ በጺሑ ምህላዉ ሓቢራ። ካብኡ'ውን ተዘክሮታቶምን ርእይቶኦምን ዘቕረቡ ተወከልቲ ሓፋሽ ውድባት ኣጀርበብ ኣቶ ባህልቢ ሙሳ ብወገኖም፡ ምስኦም መቓልስቶም ዝነበሩ ተጋደልቲ ሓብራዊ ጽንብል ብምግባሮም ሓጎሶም ድሕሪ ምግላጽ፡ "ኩሉ እቲ ዝመረረ ናይ እዋን ሰውራ ከርተትን ማዕዋእትን ሓሊፉ፡ እታ ባዲማ ዖና ተሪፋ ዝነበረት ኣጀርበብ ሎሚ ብማሕበራዊ ኣገልግሎታት ሰሲና፡ ደቂና ተማሂሮም፡ ኣገልግሎት ጽሩይ ዝስተ ማይን ሙብራህትን ረኺብና፡ ብፍረ ናጽነትና ተሓቢንናን ቀሲንናን ክንነብር በቒዕና ኣሎና" ኢሎም።
ካብ ኣደታት ወ/ሮ በኺታ ረድኢ'ውን ብወገኖ፡ ብመልክዕ ሓጺር ግጥሚ ኣብ ዘሕለፈቶ መልእኽቲ፡ ኣጀርበብ ሳላ ወፋያት ሰውኣትን ኣበርክቶ ሓብራዊ ቃልሲ ተጋደልትን ሓፋሽ ውዱባትን ካብ ዝበደመት ጫካ፡ ኣብ ናጽነትን ማስተርሆትን ሰጊራ፡ ዕምርቲ ዓዲ ክትከውን ምብቅዓ ገሊጻ።



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ


## ኣነነት ኣብ 21 ዘመን

### ፍሉይ ምኳን ብልጫ ድዩ፧

ጂን ትወንኪ፡ ብዛዕባ “ኣነነት” ዘጽንዐትን ‘ወለዶ ኣነ፡’ ዘርእስቱ መጽሓፍ ዝጸሓፈትን ክኢላ ዓውዲ ስነ ኣእምሮ እያ። ኣብ 1960ታት ካብ ዝተወልዱ ቈልዑ ንላዕሊ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ዝተወልዱ ቈልዑ፡ ማሕበራዊ ክብርታት ገዲፎም ዚያዳ ኣብ ውልቃዊ ባህግታት ከም ዘተኰሩን ነብሶም ካብ ካልእ ሰብ ዝበለጸት ኮይና ከም እትስምዖምን ትገልጽ። እዚ ከኣ ሰሪ ኣብዚ ግዜ’ዚ እንኸተሎ ዘሎና ቅዲ ኣተዓባብያ ከም ዝኾነ ትገልጽ። “ንስኻ ፍሉይ ኢኻ፡” “ከማኺ እኮ የለን፡” “ደቀይ ብፍሉይ እየ ዘዕቢ፡” ዝብሉ ሓረጋት ገለ ካብቲ ብተደጋጋሚ እንብሎ እዩ። እዚ ዓይነት መግለጺታት ጒድኣት ዘሎዎ ወላ’ኳ ደኣ ኣይምሰል፡ ብብዝሒ ምስ ዝደጋገም ኣነነት ክዓቢ ከም ዝድርኽ ትነግር። ፍቕርናን ኣድናቖትና ክንገልጽ ምስ እንደሊ ኣብ ክንዲ “ፍሉይ ኢኻ፡ ዝበለጽካ ኢኻ፡” “ኣነ ኣዝየ እየ ዝፈትወካ፡ ብሉጽ ስራሕ ክትሰርሕ እንክለኻ ከኣ ኣዝየ እየ ዝሕጎስ፡” ምባል ዝሓሸ ባህርያት ከማዕብሉ ከም ዝሕግዝ ትነግር። ደቅና ፍሉያት ኮይኖም ክረኣዩን ጸብለል ክብሉን እንገብሮ ጻዕሪ ኣብዚ ግዜ’ዚ ግጉይ ርእሰ ኣመለኻኽታ ከዕብዩ ይጸልዎም ከም ዘሎ ነስተብህል ኢና። በቲ እንገብረሎም ፍሉይ ኣልያ ዘርእይዎ ኣሉታዊ ባህሪ “ሕንቃቐ” ኢና እንብሎ። እዚ ሕንቃቐ እንብሎ ባህሪ እዩ እምበኣር ኣብ ግዜኡ እንተ ዘይተማእዚኑ ናብ ኣነነት ዝምዕብል። ወዮ ደኣ ዓውሎማ ንኹልና ሓደ ገይሩና እምበር፡ ኣብ ሕብረተሰብና ቈልዑ ንኸባቢኦም መሲሎም ከም ዝዓብዩ እዩ ዝግበር ነይሩ። እዚ ኣገባብ ኣተዓባብያ ብተውህቦኦም ፍሉያት ዝኾኑ ቈልዑ፡ ተውህቦኦም ንኸየለልዩን ንኸየማዕብልዎን ዝድርት ምንባሩ ኣሉታዊ ሸነኽ እኳ እንተነበሮ ቈልዑ ካብ ኣብ ውልቀም ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ከባቢኦምን ሕብረተሰቦም እውን ከድህቡ ይሕግዝ ነይሩ እዩ። ናይዚ ኣገባብ ውጽኢት ከኣ ትሑታት፡ ወለዶም፡ ሕብረተሰብን ባህልን ዘኽብሩ ቈልዑ ይፈርዩ ነይሮም።

ኣነነት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ኣሉታዊ ባህሪ ምኳኑ ክኢላታት ስነ ኣእምሮ ወይ መጽናዕቲ ክሕብሩና ኣብ ዘየድልየሉ እዋን ኢና በጺሕና እንርከብ። ነዚ ዝደረኸ ከኣ ናይ ባህሊ ለውጢ ምኳኑ ጂን ትወንኪ ትገልጽ። ኣብ መጽሓፋ፡ ኣነነት ካብ ፈለማ ነብሰ ክብሪ ከነዕቢ ካብ እንጅምረሉ ዕድመ ክዓቢ ከም ዝኽእል እያ ትገልጽ። ቈልዓ፡ ኮተቴ ወይ መንእሰይ ፍሉይ ተውህቦኡን ሕልሙን ክለልን ከተግብርን ክነተባብዕ ጽቡቕ እኳ እንተኾነ ብኣንጻሩ ኣሉታዊ ጽልዋ’ውን ክህልዎ ከም ዝኽእል እያ ተብርህ። ኣብዚ ግዜ’ዚ ዘሰፋሕፍሕ ዘሎ ኣበሃህላታት፡ ኩሉ ነገር ክገብር ከም ዝኽእል፡ ከምቲ እንደልዩ ክንከውን ከም እንኽእል፡ ኣብ ነብሳኻ ጥራይ ምእማን፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ መፍትሒ ኩሉ ጸገማት ከም ዝኾነ፡ ክንዕወት እንተ ኺይንና ልዑል ርእሰ ምትእምማንን ክብርን ክህልወና ከም ዘለዎ፡ ወዘተ፡ ግጉይ ትጽቢትን መንነትን ከም እነዕቢ ይገብር ምህላዉ መጽናዕትታት ይሕብር። ገለ ካብቲ ጂን ትወንኪ ዝገበረቶ መጽናዕቲ ልዑል ምትእምማንን ነብሰ ክብርን ኣገዳሲ ወላ ደኣ ይኹን ምስ ዓወት ዝምድና ከም ዘይብሉ እዩ ዝሕብር። ኣብ ኣሜሪካ፡ ዕዉታት ዝኾኑ ሕብረተሰብ ናይ ምብራቕ (ማለት ኤስያውያን) እዮም። እዞም እኹል ትምህርቲ ዝቐሰሙ፡ ማእከላይ መነባብሮ ክመርሑ ዝሕግዝ ሞያ፡ ስራሕን ማሃያን ዘለዎም ሕብረተሰብ ከኣ ካብቶም ካልኦት ዓሌት ነበርቲ ኣብ ኣሜሪካ፡ ዝተሓተ ርእሰ ምትእምማንን ክብርን ከም ዘሎዎም ትገልጽ። ደቂና ብዘይ ዝኾነ ጻዕሪ ጥራይ ርእሰ ምትእምማንን ክብርን ብምምዕባሎም ዕዉታት ምኳኖም ምንጋር፡ ልክዕ ከም ሰረገላ ቅድሚ ፈረስ ምእሳር ምኳኑ ከኣ ትገልጽ።

ፍሉይ ምኳን፡ ብርክት ዝበለ እወታዊ ጽልዋ ኣሎዎ። ፍሉይ ኣጠማምታ ብምዕባይ ዝሓሸን ሓድሽን ሜላታት ክነማዕብል ይሕግዝ፡ ብልሒ ኣእምሮ የበርኽ፡ ከምቲ እንብህጎ’ውን ኣድህቦን ኣድናቖትን ናይ ካልእ ሰብ ይስሕብ እዩ። ይኹን እምበር ብዝግባእ ምስ ዘይእለ ጠንቂ ፍልልይን ግርጭትን ይኸውን እዩ። ኣዚኻ ኣብ ከባቢኻ ካብ ዝርከቡ ሰባት ፍሉይ ምኳን፡ ሰባት ንኸርድኡኻ ስለ ዘጸግም ክንጽሉኻን ዕድላት ክኸልኡኻን ይኽእሉ እዮም። እዚ ዘስዓቦ ጸቕጢ ኣእምሮ፡ ድኹም ማሕበራዊ ዝምድናን ትሑት ነብሰ ክብርን ምትእምማንን ከነማዕብል ንኽእል። ስለዚ ‘ፍሉይነት’ ተኾስኲሱ መሳርሒ ብቕዓት ክንገብሮ እንተ ዘይክኢልና ዘይተደልየ ኣድህቦን መንነትን ብምዕባይ ከዕንወና ይኽእል ምኳኑ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ።




## ካብ ኣነነት ነጻ ዝኾነ ውልቃዊ ብቕዓት ኣብ ቈልዑ ብኸመይ ንኹስኩስ፧

ደቂ ሰብ ካብ ንውለድ ጀሚርና ኣድህቦ ክግበረልና ዘይጽንቀቕ ባህጊ እዩ ዘሎና። ማሕበራዊ እንስሳ ምስ ምኳንናን ብህይወት ናይ ምቕጻል ዕድልናን ሓጉስናን፡ ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ እንሃንጾ ርክብ እዩ ዝምርኮስ። ብመንጽር እንጠልቦን ዝወሃበናን ኣድህቦ ከኣ ኣእምሮና ይጽሎ። ባህጊ ናይ ኣድህቦ ደረት የብሉን። ነዚ ክቱር ባህጊ ንምስሳይ ከኣ ዘይተኣደነ ውድድር ነካይድ፡ ኣብ ስድራቤት ምስ ኣሕዋትና፡ ኣብ ከባቢና ምስ ዓርከ መሓዛ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ መማህርትና፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ምስ መሳርሕትና...። ኣድህቦ ንምርካብ ዝግበር ቃልሲ ኣብ ባህርያትና ልዑል ጽልዋ እዩ ዘሎዎ። ካብ ወለድና ኣድህቦ ክንረክብ ሓያል ጻዕርን ጎነጽን ምስ እንሓልፍ ትሑት ርእሰ ተኣማንነት ክነዕቢ ይጸሉ። ብኣንጻሩ ዘይግብኣናን ዘየድልየናን መጠን ኣድህቦ ከኣ ናብ ኣነነት ክምርሓና ይኽእል።

ኣብዚ ግዜ’ዚ ብመራኸቢ ብዙሓንን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ዝላባዕ ዘሎ ጥቕሚ ኣልቦ ‘ፍሉይ ናይ ምኳን’ ጻዕርታት ንቈልዑ፡ ኮተቴን መንእሰያትን ናብ ምስሉይ ርክባት፡ ዝምድናታትን መንነትን ኣምሪሕዎም ይርከብ። ብቑዕ ሰብ ካብ መዛኑኡ ፍልይ ኢሉ ክርአ ንቡር እዩ፣ ኩሉ ፍሉይ ክኸውን ዝጽዕር ግን ብቑዕ ማለት ኣይኮነን። ሓደ ካብ መዐቀኒታት ብቕዓት ኣብ ሕብረተሰብና ትሕትና እዩ። “ብዙሕ ፍረ ዘሎዋ ገረብሲ፡ ንታሕቲ ድንን ዝበለትያ፡” ከም ዝበሃል ዚያዳ ብቑዓት ዝኾና ዚያዳ ትሑታት ክንከውን እዩ ትጽቢት ዝንበረልና። ትሕትና፡ ንኻልኦት ሰባት ምኽባር፣ ኣነነት ከኣ ንኻልእ ሰብ ምንዓቕ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ መንጐ ትሑታትን ኣነነታውያን ሰባት ዘሎ ናይ ምምሃርን ሓድሽ ሓሳብ ናይ ምቕባልን ዘሎ ፍልልይ ልዑል እዩ። ስለዚ ትሑት ምኳን ካብ ንኻልእ ሰብ ንላዕሊ ንነብስኻ ዝጠቕሞ ይበዝሕ። ዚያዳ ትሕትና ዘርኣና ዚያዳ ክንመሃር፡ ሓድሽ ሓሳብ ክንቅበል፡ ክንለወጥ፡ ድልዱል ዝምድና ክንምስርትን ሕጉሳት ክንከውንን ይሕግዝ። ስለዚ ደቂና ብቑዓት ግን ትሑታት ክኾኑ ዝሕግዝ ሜላታት ገለ ክንጠቅስ፡

### ውሽጣዊ ዕግበትን ትርጉምን

ፍሉይ፡ ብሉጽ ወይ ብቑዕ ክንከውን ዘድልየና መሰረታዊ ምኽንያት እንታይ እዩ፧ ምስ መን ኢና ንወዳደር፧ ዓወትን ውድቀትን እንመዝነሉ ረቛሒ እንታይ እዩ፧ ኣብ ዓወትን ውድቀትን ዘሎና ኣረኣእያ ከመይ እዩ፧ ብዛዕባ ዓወትናን ውድቀትናን ብማዕረ፡ ብግሉጽ መገዲ ክንዛረብ ንኽእል’ዶ፧ ዝብልን ካልእን ሕቶታት ደቂና ምስ ህይወቶም ምትእስሳር ዘሎዎ መልሲ ክረኽብሉ ክንሕግዞም ይግባእ። ዕምሪ ሓሳቦምን ግብሮምን ኣብ ተቐባልነት ናይ ካልእ ሰብ ጥራይ ምስ ዝምርኮስ ኣብ ክልተ ጫፋት ናይ ድኹም መንነት (ማለት ትሑት ርእሰ ክብርን ኣነነትን) ክወድቕ ይኽእል። ብዓቢኡ ከኣ ዕግበትን ሓጎስን ዝተነፍጎ ህይወት ክመርሑ ይግደዱ።

### ንቕሓት ኣብ ባህልን ክብርታትን

ኣነነት ዘለዎ ሰብ፡ ወትሩ ብዛዕባ ነብሱ ዝሓስብን ዝግደስን፡ ካብ ካልእ ሰብ ዝበለጸ ኮይኑ ዝስምዖ፡ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ለውሃትን ተገዳስነትን ዘይብሉ፡ ወትሩ ክነኣድ ዝብህግ፡ ካብ ሰቡ ንላዕሊ ሓለፉ ዝጽበ፡ መዝማዝን ኣዳህላልን ጥቡብ ዝጥቀም፡ ዓወት ናብ ነብሱ ውድቀት ከኣ ናብ ካልእ ሰብ ዘላግብ፡ ልዕልና ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ከርኢ ዝፍትን፡ ወዘተ እዩ። ኣነነት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክዓቢ ዝኽእል ባህሪ እዩ፣ ሓደ ካብቲ ኣብዚ ግዜዚ ኣነነት ክነዕቢ ዝደፍእ ዘሎ ምኽንያት ከኣ ፍሉይ ኳይንካ ናይ ምርኣይ ባህጊ እዩ። ኣብዚ ግዜ’ዚ ተመሳሳሊ ክዳን፡ ሳእኒ፡ ቅዲ ጸጕሪ፡ ወዘተ ምግባር ዘሕፍር ኮይኑ ይርከብ። ወለዲ’ውን ኣብዚ ልዑል ተራ ኢና እንጻወት። ምስ ዓበዩ ኣብ ኣተሓሳስባኦም ከሕድሮ ዝኽእል ጽልዋ ብዘይ ምስትብሃል “ፍሉይ” ጥራይ ይኹኑ ኢልና፡ እንሰምዮም ዘሎና ኣስማት ሓደ ኣብነት እዩ። ፍሉይ ትምህርቲ፡ ቅዲ ኣነባብራን ኣተሓሳስባን ክህልዎም እንደፍእ’ውን ንሕና ኢና።

ኣብ ሕብረተሰብና ኩሉ ቈልዓ ውላድ ናይ ኩሉ ወላድን ሕብረተሰብን እዩ፣ ካብዚ ብምብጋስ ከኣ’ዩ ንዝኾነ ቈልዓ “ሓውኻ እንድዩ፡” “ሓፍትኻ እንድያ፡” ዝብል ኣዘራርባ ዘሎ። እዚ ኣበሃህላ’ዚ፡ ካብ ካልእ ሃገር ንዝመጽአ ቈልዓ ጋን እዩ ዝኾኖ፣ ኣብ ኤርትራ ተወሊዱ ንዝዓበየ ግን ንኽርድኦ ኣጸጋሚ ኣይኮነን። መልእኽቲ ናይዚ ኣበሃህላ፡ ንኹሉ ሰብ ማዕረ ነብስና ወይ ከም ኣሕዋትና ክነኽብሮ፡ ክንሓልየሉን ከነፍቅሮን ከም ዝግባእ እዩ ዘረድእ። ከምዚ ዝኣመስለ ክቡር ባህልን ክብርን ሕብረተሰብና ክታበት ጸረ ኣነነት እዩ፣ ወለዲ ክንቕሓሉን ናብ ደቂና ከነሰጋግሮን ከኣ ይግባእ።

### ብድሆን ተነጽሎን ከም መሐየሊ ረቛሒ

ፍሉይ፡ ብሉጽ ወይ ብቑዕ ምኳን ኩሉ ግዜ እወታዊ ግብረ መልሲ ንረኽበሉ ማለት ኣይኮነን። ዓለምና ንፍሉይ ሓሳብ ዘምጽእ፡ ብሉጽን ብቑዕን ሰብ ናይ ምህዳንን ምግፋዕን ሓያል ተመኩሮ እዩ ዘለዋ። ሰባት ከኣ ንሕና ፍሉያትን፡ ብሉጻትን ብቑዓትን ደኣ ኢና ክንከውን ንደሊ እምበር ካልእ ሰብ ክሓልፈና ስለዘይንቕበል ናይቲ ሕማቕ ዛንታ ቀንዲ ተዋሳእቲ ኢና። ብርክት ዝበሉ ናይ ኣነነት ባህርያት ከኣ ሰባት ብእንፈጥሮም መሰናኽልን ተነጽሎን እዮም ዝፍጠሩ። ሓደ ፍሉይ ሓሳብ ወይ ብሉጽ ስራሕ ንዘምጽእ ቈልዓ ወይ ኮተቴ ንኽዓቢ ምስ ዘይንሕግዞ ወይ እንዕንቅፎ፡ ቅርሕንቲ ኣሕዲሩ ኣሉታዊ ባህሪ ከማዕብል ይኽእል’’ዩ። ብጻዕሩን ሓርኮትኮቱን ጥራይ ምስ ዝዕወት ከኣ ኣብ ልዕሊ’ቲ ዝኾነ ኣበርክቶ ዘይገበረሉ ሕብረተሰብ ኣነነት ከሕድርን ክብሪ ክነፍጎን ይኽእል። ስለዚ ደቅና ዘሎዎም ፍሉይ ክእለት ከለልዩን ብቕዓቶም ከበርኹን ምቹእ ባይታ ናይ ምፍጣር ሓላፍነትና ክንዋጽኦ ይግባእ። ደቅና በቲ ኣብ ጉዕዞ ከኋንፎም ዝኽእል ብድሆን ተነጽሎን ተዳሂሎም ኣሉታዊ ባህሪ ከየማዕብሉ ከኣ ከነማእዝን የድሊ። ኣብ ትምህርትን ስራሕን ብቑዓት ክኾኑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ለዋሃት፡ ትሑታትን ምቕሉላትን ክኾኑ’ውን ብኣድህቦ ክንኰስኵሶም ይግባእ።

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## “ስፐንስ ክጸንሕ ኢና ንደልዮ” ደ ዘርቢ

ኣሰልጣኒ ቶተንሃም ርበርቶ ደ ዘርቢ፡ ንእንግሊዛዊ ተኸላኻላይ ናይታ ጋንታ ደጅ ስፐንስ ኣብታ ጋንታ ክጸንሕ ንምእማኑ ኣበርቲዑ ከም ዝጽዕር ኣፍሊጡ። ዝሓለፈ ዓመት ምስታ ክለብ ንዊሕ እዋን ዝጸንሐ ውዕል ዝፈረመ ወዲ 25 ዓመት ስፐንስ፡ ናብ ኢንተር ሚላንን ኤቨርተንን ክግዕዝ ምኽኑ'ዩ ክገዋሕ ጸኒሑ።


ስፐንስ

ደ ዘርቢ ኑቲ ተጠሊቡሉ ዝጠዝሉ ዘሎ ስፐንስ ኣብታ ጋንታ ክጸንሕ ከም ዝደልዮ እኳ እንተ ሓበረ፡ ናይ ምጽናሕን ናይ ምኻድን ውሳነ ግና ኣብቲ ተጻዋታይ ከም ዝምርኮስ ኣፍሊጡ። ስፐንስ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንቶተንሃም ኣብ 23 ጸወታታት ወኪሉዋ እዩ። እዚ ይኹን እምበር ቶተንሃም ንኽልኣይ ተኸታታሊ ዓመት መበል 17 ተርታ ሒዛ ካብ ምዛዛም ከድሕና ኣይከኣለን።

ድሕሪ ምዛዛም ፕሪመር ሊግ 25/26 ኣብዚ ተጻዋታይ ተጉዳስቱ ዝሕድራ ጋንታታት እናወሰኻ ከም ዝመጽኣ ዝጠቐሰ ደ ዘርቢ፡ ኣጉዳስቱ ስፐንስ ኣብታ ጋንታ ዕዙዝ ብምዃኑ፡ ከም ኣካል መደቡ ከም ዝርእዮ ንበብሲ ስፖርት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።


ስፓርስ ኣብዚ ክራማት ክብረ ወሰን ወጻኢታታ ዝሰበረ 237 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢ ብምግባር፡ መሳርዓ ኣብ ምድልዳል ትርከብ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ታሕታዋይ ደረጃ ሻምፕዮንስ ሺፕ ካብ ምውራድ ንስክላ ዝድሓነት ቶተንሃም፡ ልዕሊ ስፐንስ ንናይ የማን ተኸላኻላይ ዕውት ዋንጫ ዓለም 2026 ሰጳኛዊ ፐድሮ ፓሮ ብቐዳምነት ከም ትመርጾ ብዙሓት ወገናት ይሰማምዑ። በዚ ምኽንያት፡ ደ ዘርቢ ነዚ ተኸላኻላይ ኣብታ ጋንታ ክጸንሕ ዝጉብሮ ጻዕሪ ዘይክዕወት ከም ዝኽእል ይሕበር።

## ቸልሲ ሓድሽ ተኸላኻላይ ኣፈሪማ

ቸልሲ ንፈረንሳዊ ተኸላኻላይ ማክሰንስ ላክሮይስ ካብ ክሪስታል ፓላስ ብ52 ሚልዮን ፓውንድ ኣፈሪማቶ። እዚ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ፡ ክሳብ 2032 ኣብ ስታምፎርድ ብሪጅ ዝጸንሖ ውዕል'ዩ ፈሪሙ ዘሎ።

እዚ ፈረንሳዊ ኣብ 2024 ካብ ክለብ ቡንደስሊጋ ዎልፍስበርግ ብ15.5 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ፓላስ ዝተጸንበረ ኮይኑ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ ፓላስ ኦሊቨር ግላስነር ብቐዋምነት ምስ ቀዳሞት 11 ክሰለፍ ዝጸንሐ ተኸላኻሊ እዩ።

ላክሮይስ ምስ ጋንታኡ ፓላስ ኣብ ኩሉ 55 ውድድራት ብምስታፍ፡ ፓላስ ንፈለማ እዋን ጽዋእ ኮንፈረንስ ሊግ ክትዓትር ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዝገበረ ተጻዋታይ እዩ። ንሱ ምስ ቸልሲ ምጽንባሩ ዝፈጠረሉ ባህታ ልዑል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ “ምስ ከም ብዓል ሪስ ጄምስን ሞርጋን ሮጀርስን ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ምጽንባረይ ሕጉሰየ” ኢሉ። ኣሰዒቡ ድማ ኣብቲ እዛ ጋንታ ባህጋ ንምስዓር ትገብሮ ጉዕዞ ኩሉ ዝከኣሎ ከወፊ ምዃኑ ቃል ኣትዩ።



መሳርዓ ንምድልዳል ከምኡ'ውን ናይ ዝሓለፈ ዓመት ጉዕዞኣ ንምፍዋስ ቀሪጻ ተበጊሳ ዘላ ቸልሲ፡ ኣብዚ ክራማት ኣብ ትሕቲ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ዣቪ ኣሎንሶ ሽዱሽተ ተጻወትቲ ኣፈሪማ ኣላ። ብዙወሳኺ ከም ብዓል ዌልባክን ሀንደርሰንን ዝኣመሰሉ ጉዳይም ተጻወትቲ ኣካል ናይ'ዛ ጋንታ ብምዃኖም ኣብዚ ሓድሽ ዓመት ስፖርት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ተወዳደርቲ ንምዃን ተበጊሶም ኣለው።

## ዩኤፋ ንመደባት ፊፋ ዝጻረር ህጹጽ ኣኼባ ክካየድ ጸዊዑ

ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ማለት ዩኤፋ፡ ኑቲ ፊፋን ፕረዚደንት ናይቲ ማሕበር ጂያኒ ኢንፋንቲኖን ዘቕረብዎ ኣካታዊ መደባት ዋንጫ ዓለም ምላሽ ዝሁብ ህጹጽ ኣኼባ ጸዊዑ።

እቲ ትማሊ ሓሙስ (ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከላ) ብፕረዚደንት ናይቲ ማሕበር ኣሌክሳንደር ሰፈሪን ዝተጸወዐ ኣኼባ፡ ኣመሓዳሪ ኣካል ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ፡ ፊፋ ን211 ኣባል ማሕበራት ኣብቲ ሓሳብ ውሳኔ ክህባ ክሳብ 19 መስከረም ዕድል ከምዝሃበን ዝገልጽ ደብዳቤ ከም ዝሰደደለን ብምግላጽ፡ ፊፋ ንኣባላት ማሕበር ኑቲ ሓሳብ ንምቕባል ብ40 ሚልዮን ዶላር ክፍሊት ክሓብበለን ይሀቅን ምህላዉ ወቒሱ።


ፕረዚደንት ዩኤፋ ኣሌክሳንደር ሰፈሪን

ፊፋ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ንንኡስ ብርኪታት ዋንጫ ዓለም ናብ ዕዳጋ ብምውራድ ብኣውፈርቲ ከም ዝውሃብ ንምግባር ዘቕረቦ ሓሳብ፡ ብዩኤፋ ተረር ግብረ መልሲ ከም ዝገጠሞ ይዝከር። ድሕሪ'ዚ ተቓውሞ ዩኤፋ ደጊሙ ንኽልኣይ ግዜ መግለጺ ከም ዘውጽአ ብምጥቃስ፡ ፊፋ መስመሩ ይጥሕስ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ኣብቲ ብማንዛ ክካየድ ዝተወጠነ ኣኼባ እንታይ ውሳኔ ከምዝመሓለለፍ እኳ እንተ ዘይተፈለጠ፡ ዩኤፋ ብፊፋ ንዝወሃብ ዝኾነ ዓለምለኻዊ ግጥማት ይኹኑ ውድድራት ካብ ምስታፍ ክቡር ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ፊፋ ብምዃን ዕማማቶም ዘሰላስሉ ዘለዉ ኣባላቱ ክሰሕብ ከምዝኽእል ግምታት ኣሎ። ይኹን እምበር ገለ ገለ ኣባላት ናይቲ ማሕበር ምስ ሓሳባት ፊፋ ከም ዝሰማምዑ ክገልጹ ጀሚሮም ብምህላዎም፡ ዩኤፋ ኣብዚ ጉዳይ ከቢድ ብደሆ ክገጥሞ ከምዝኽእል ይእመን።

ፊፋ ብወገኑ እቲ እማመ ኑቲ እናተዓኸመ ዝኸይድ ዘሎ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ንምሕያሉ ዘቕረቦ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ “እቲ ውጥን ግዴታ ዘይኮነስ ቅድመ ምድላው እዩ። እዚ ኣካል ዲሞክራሲ ማሰርሒ ድማ ዕድል እምበር ግዴታ ኣይኮነን” ድሕሪ ምባል፡ ኩለን ማሕበራት ኣብቲ ዛዕባ ዘለወን መርገጺ ከጽርራ ኣተሓሳሰበ።

ንማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ሓዊስካ ብዙሓት ማሕበራት ኩዕሶ እግሪ፡ ፊፋ ኑቲ 20% ብጽሒት ንውልቃውያን ኣውፈርቲን ፋይናንሳውያን ትካላትን ክሸየጥ ዝቐረበ እማመ ኣብ ክንዲ ብወግዓዊ መንገዲ፡ ብምግዕዛዝ ዜናን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ምስምዐን ኣቐጢዖወን ምህላዉ ይሕበር።

## ኢራኦላ ተስፋ ደገፍቲ ሊቨርፑል የስምርዶ ይኸውን፡

ኣሰልጣኒ ክለብ ሊቨርፑል ኣንዶኒ ኢራኦላ፡ መዘኑት ምስልጣን ካብ ኣርነ ስሎት ድሕሪ ምርካቡ፡ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ቅድመ ምድላዋት ናይ ምሕዛኑት ዕረፍቲ ኣንጻር ሬክሰሃም 1-ብ0 ዓወት ብምምዝጋቡ፡ ካብ ብዙሓት ወገናት ናእዳ ክትርፍ ክኢሉ። እዚ ወዲ 44 ዓመት ሰጳኛዊ ኣሰልጣኒ ኣብቲ ክለቡ ኣብ ኒው የርክ ብምዃን ንሓድሽ ዓመት ስፖርት ትዳለወሉ ዘላ ግዜ፡ ኣብ ጸቡቕ ኣቃውማ ምህላዋ እዩ ዝሕበር።

ሊቨርፑል ኣብ ቅድመ ምድላው ዓመት ስፖርት 2026-2027 ንኽልኣይ ግዜኣ እያ ትዕወት ዘላ። ቀያሕቲ ኣብ ሜዳ ናሽቪል ንሳንደርላንድ ሰዒሮም፡ ደጊሞም ነዚ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሬክሰሃም ክደግምዎ ምኽኣሎም፡ ኑቲ ተዳኺሙ ዝጸንሐ መሳርዖም ኣብ ምድልዳል ይኹን ሃጓፋቶም ኣብ ምሽፋን ልዑል ኣተኩሮ ይገብሩ ምህላዎም እዩ ዝንገር። በዚ መሰረት ሊቨርፑል ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ ሓድሽ ወቕቲ ስፖርት፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝሓሸትን ተወዳዳሪትን ኮይና ክትቀርብ ከም ትኽእል ብዙሓት ወገናት ይሰማምዑ። ሪዮ ንጉሞሃ ኣብ ካልኣይ እብረ ተቐይሩ ብምእታው ንዓወት ቀያሕቲ ዝዓደለት ሹቶ ዘቖጸረ ተጻዋታይ እዩ። ኢራኦላ ድሕሪ'ቲ ዓወት ንማዕከናት ዜና ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ጋንታኡ ናይ ዓወት ሞራላ ሰማይ በጺሑ እኳ እንተ ሃለወ፡ ሊቨርፑል ቅድሚ ሓድሽ ዓመት ስፖርት ምስ ቅዱ ጸወታኡ ክትላመድ ግና ዝዘርፉ ከም ዘሎ ኣተንቢሁ። እዚ ይኹን እምበር እቲ ልዑል ግምት ተዋሂብዎ ዘሎ ኣሰልጣኒ ንህዝቢ ደገፍቲ ቀያሕቲ ዘሰምር ዲዩ ኣይኮነን ግዜ ዝምልሶ ሕቶ ምዃኑ ዝጠቐሱ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ፡ ንኸበድ ብደሆ እጃምኦ ሰብሰብ ክጸንሕ ኣዘኻኺሮም ኣለው።

ሊቨርፑል፡ ጸባሕ ሰንበት ምስ ሊድስ ዩናይትድ ኣብ ሜዳ ሶልደር ቺቫስ ምሕዝነታዊ ጸወታ ክህልዋ እዩ። ኣብዚ ግጥም ድማ ከም ፍሎርያን ዊርትዝ፡ ራያን ግራቨንበርችን ኣሌክሳንደር ኢሳክን ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ቅድሚ ዓመት ስፖርት 2026-2027 ምጅማሩ፡ ፈለማ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ክሳተፉ ትጽቢት ይግበር።

## “ኣርሰናል ዘይትኽእሎ የለን” ኣርቴታ

ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ሚከል ኣርተታ፡ ጋንታኡ መሳርዓ ንምድልዳል ብሉጻት ከዋኽብቲ ንምፍራም ትገብሮ ዘላ መስርሕ ንምዕዋት ኣበርቲዑ ከም ዝሰርሕ ንደገፍቲ ቃል ኣትዩ። እዚ ንኣርሰናል ሻምፕዮን 2025-2026 ፕሪመር ሊግ ክትከውን ዝጸዓረ ኣሰልጣኒ፡ ኑቲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ማዕከናት ዜና ዓለምን ሰንባደን ኣካታዊ ዛዕባን ፈጢሩ ዝቐጸለ መስርሕ ምስግጋር ብሉጻት ተጻወትቲ፡ ስቕ ኢሉ ከም ዘይርእዮ እዩ ዝገልጽ ዘሎ። ኣርሰናል ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ንኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ብራዚላዊ ቪኒሰስ ክተጣይቐሉ ምጅማራ ሰዒቡ ክናፈስ ዝቐጸለ ዘረባታት ንስለ ዘረባ ጥራይ ዘይምዃኑ እዩ ዝሕብር ዘሎ ኣርቴታ።




ኣርሰናል ነዚ ብራዚላዊ ኣጥቃዓይ ካብ ሪያል ማድሪድ ኩተፈርሞ ከም ትኽእል እኳ እንተ ተጋወሐ፡ መልቀቒ ዋጋኡ ግና ቀሊል ክኸውን ከም ዘይክእል ይግመት። “ማድሪድ ነዚ ተጻዋታይ ውዕሉ ኣብ ምንዋሕ ክትሰማማዕ ምስ ዘይትኽእል፡ መዓልቦ ቪኒሰስ ብግርጽ ኣርሰናል ክኸውን እዩ” ዝበለ ኣርቴታ፡ ጋንታኡ ዝበለጸ ዘመን ተሕልፍ ብምህላዋ ኣባላ ክኸውን ዘይብህግን ዘይደሊን ተጻዋታይ የለን” ብምባል ኑቲ መስርሕ ክዉን ንምግባር ዘይከኣል የለን ዝሰምዕ ዘረባ ንደገፍቲ ቃል ኣስሚዑ። ኣርቴታ ኣብ ቃሉ፡ ብዘይካ'ዚ ኣርሰናል ካልኦት ከም ጁልያን ኣልቫረዝ ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ትሃድን ምህላዋ ወሲኹ ሓቢሩ።

ጋነርስ ዝሓለፈ ዓመት ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ንምዃን ን22 ዓመታት ዝተጸበየቶ ትጽቢት፡ ድሕሪ ሰለስተ ተኸታታሊ ካልኣይ ደረጃ ናይ ምሓዝ ጻዕራ፡ ሕልማ ክዉን ከም ዝገበረት ይዝከር። በዚ ምኽንያት ኑቲ ጽዋእ ኣልቦ ኮይኑ ዝጸንሐ ኩብሕታታ ብዓበይቲ ጽዋኣት ንምትካእን ዘይትልከፍ ጋንታ ንምግባራን ድማ፡ ከምዞም ዘለዉን ካልኦትን ተጻወትቲ ምፍራም እዋኑን ግድነታውን ምዃኑ ብዙሓት ይሰማምዑ።

ኣርሰናል ኣብዚ ክራማት ንክሪስቶስ ትዞሊስ ብ36 ሚልዮን ፓውንድ ከምኡ'ውን ንኢላን ሚስሊየር ብናጻ ዝውውር ኩተምጽኦም እንከላ፡ ኑቲ ብልቓሕ ኩተጻውቶ ዝሓገየት ፒየሮ ሂንካፒ ድማ ካብ ባየር ለቨርኩሰን ቀዋሚ ኣባላ ገይራቶ ኣላ።

## ጎንዛለዝ ጋርሲያ ምስ ፉልሃም ተጸንቢሩ

ፉልሃም ንኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ሴዛር ፓላስዮስ ንምፍራም ዝርርብ ከም ዝጀመረት ይግለጽ ኣሎ። እዚ ወዲ 21 ዓመት ኣከፋፋሊ ኣብ ዓይኒ ኣሰልጣኒ ክለብ ፉልሃም ኣልቫሮ ኣርቤሎኣ ክኣቱ ዝኽኣለ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት ግዚያዊ ኣሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ ኮይኑ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ግዜ እዩ።


ጎንዛለዝ ጋርሲያ

እዚ ናይ ምስግጋር ዝርርብ ዕላምኡ ብግቡእ ሃሪሙ ፓላስዮስ ምስ ፉልሃም ምስ ዝፍርም፡ ምስቶም ካብ በርናቡ ናብ ፉልሃም ዝተጸንበሩ ተጻወትቲ ክስራዕ እዩ። ምኽንያቱ ጎንዛለዝ ጋርሲያ ኣብዚ ክራማት ናብ ፉልሃም ክጽንበር ዝለዓለ ተኽእሎ ዘለዎ ተጻዋታይ'ዩ ኮይኑ ጸኒሑ። ኮይኑ ድማ ትማሊ ሓሙስ ብ70 ሚልዮን ዩሮ ምስዛ ክለብ ክጻወት ተሰማሚዑ ኣሎ።

ይኹን'ምበር ፉልሃም ንፓላስዮስ ንምስግጋር ጥርጣረታት ከምዘለዋ እዩ ዝግለጽ። ምኽንያቱ፡ ኣሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ ሆዜ ሞሪኖ ነዚ ተጻዋታይ ኣብ መሳርዕ ጋንታኡ ብምእታው ኣብዚ ሓድሽ ወቕቲ ስፖርት ክፍትኖ ድሌት የርኢ ብምህላዉ፡ ምስግጋር ናይዚ ተጻዋታይ ክሰልጥ ከም ዘይክእል ብኣግኡ ይሕበር።

ፉልሃም ንኣጥቃዓይ ሃሪ ዊልሰን ብነጻ ዝውውር ካብ ሊድስ ከምኡ'ውን ኑቲ ዝሓለፈ ዓመት ብልቓሕ ካብ ባየር ሙኒክ ዘግዓዘቶ ኣጥቃዓይ ዮናስ ኩሲ ብቐዋምነት ካብ ምፍራም ሓሊፋ ዛጊት ዝኾነ ተጻዋታይ ኣየፈረመትን ጸኒሓ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕትታት ትቕጽል

ኣመሪካ ዝሓለፈ ረቡዕ ለይቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ሓያል መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ተሓቢሩ።

እቲ ሓዲሽ መጥቃዕቲ፡ ግብረ መልሲ ናይቲ ኢራን ኣብ ልዕሊ ኣብ የርዳኖስ ዝርከቡ መዓስከራት ኣመሪካ ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ባልስቲክ ሚሳይል ምዃኑ፡ ማእከላይ እዚ ኣመሪካ ገሊጹ።

ብወገን ኣመሪካ ኮነ ኢራን፡ ንዲሎማታት ናይቲ መጥቃዕቲታት ይኹን ብዛዕባ ኣብ ህይወት ሰብን ንብረትን ዝወረደ ዕንወት ኣመልኪቱ ዛጊት ዝኾነ ወግዓዊ ሓበሬታ እኳ እንተ ዘይተዋህበ፡ ኣብ ወደባዊት ከተማ ጥንዳር ዓበይቲ ደሴታት ከቢድ ቓሕምን ግን ናይ ኑትጉ ደምጺ ከም ዝተሰምዐ ማዕከናት ዜና ኢራን ኣመልኪተን።

ዝሓለፈ ረቡዕ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ኢራን ኣብ ልዕሊ የርዳኖስ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ሃገሩ ዝፈጸሞ መጥቃዕትታት፡ ኣብ ልዕሊኣ ‘ሓያል’ ዝበሎ ደብዳብ ከም ዝካየድ ኣጠንቂቑ ምንባሩ ይዝከር።

ፕረዚደንት ትራምፕ ወሲኹ፡ ኣብ የርዳኖስ ዓስከርም ዝርከቡ ወተሃደራቱ ኑቲ ካብ ኢራን ዝተተኮሰሎም ሓሙሽተ ሚሳይላት ከም ዘርዓኑዎ ኣረጋጊጹ ኣሎ።

እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ብወገኑ ኑቲ መጥቃዕቲ ሓለፍቲ ከም ዝወስደሉ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣመሪካ ኣንጻር ረብሓታት ሃገሩ ዝቐንዐ ንጥፈታት ምኪያድ ክሳብ ዘቋረጸቶ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ዝርከቡ መዓስከራታ መጥቃዕትታት ካብ ምኪያድ ድሕር ከም ዘይብል ኣጠንቂቑ ኣሎ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ወደብ ግብጺ እውን መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ከም ዝተኻየደ፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

በቲ መጥቃዕቲ ክልተ መራኽብ ከም ዝተሃርማ፡ እታ ሓንቲ መርከብ ዋንኡ ኣመሪካ ምዃናን፡ እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኹም ኣመልኪቶም።

ኩናት ኢራን ካብ ዝጀምር፡ ትሕተ ቅርጺ ግብጺ ብድሮን ክህሪም ሕጂ ንመጀመርያ እዋን ምዃኑ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።



## ኣመሪካ፡ ተንቀሳቓስቲ ሮቦታት ካብ ቻይና ምሸማት ኣቋሪጻቶ

ኣመሪካ፡ ካብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ክትዕድጎ ንዝጸንሐት ሸሙተ ተንቀሳቓስቲ ሮቦታት ከም ዘቋረጸቶ ኣፍሊጣ።

እቲ ስጉምቲ፡ ኣብ ጽላት ቴክኖሎጂ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ቻይና ዝጸንሓ ተመርኳሲት ንምንካይን ጸጥታኣ ንምውሓስን ዝዓለመ ምዃኑ ድማ ሓቢራ ኣላ።

ኣመሪካ፡ እታው ሮቦታት ጥራይ ዘይኮነ፡ እታው ፍርያት ዝተወሰኑ ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሓ ቻይና'ውን ደው ከም ዝበለቶ ገሊጻ።

እቲ ንግዳዊ ስጉምቲ ብቐጥታ ኣብ ተግባር ወዒሉ ከም ዘሎ፡ ቤት-ጽሕፈት ግምጃ ኣመሪካ ኣረጋጊጹ ኣሎ።




ኑቲ ተግባር ብትሪ ዝኾነነ ሚኒስትሪ ንግዲ ቻይና፡ ምምሕዳር ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ብጸጥታዊ ጉዳይ ኣመኽንዩ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ሃገሩ ዝካየዶ ዘሎ ድረታ ክቋረጽ ትማሊ ሓሙስ ጸዊዑ።

እቲ ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ንንግዳዊ ዝምድና ክልተኣን ሃገራት ብኣሉታ ክጸልዎ ከም ዝኽእል ዝሓበረ እቲ ሚኒስትሪ፡ ቻይና ተመጣጣኒ መልሰ ግብሪ ከም እትህበሉ ኣጠንቂቑ።

ኣብ 2024፡ ልዕሊ 660 ቢልዮን ዶላር ዝበጽሐ መጠን ንግዳዊ ልውውጥ ኣመሪካን ቻይናን፡ ኣብ 2025 ናብ ኣስታት 490 ቢልዮን ዶላር ከም ዝወረደ፡ ጸብጻባት የረድኣ።

ልዑል መጠን ቀረጽን በይናዊ ቀኒጠባዊ እገዳን ዘጠቓለለ ንግዳዊ ማሕንቖታት፡ ካብ ቀንዲ ጠንቂታት ዓለማዊ ቀኒጠባዊ ምንቅልቓል ኩይናም ምህላዎም እየም ክኢላታት ዘመልክቱ።

## ኣመሪካ፡ ን‘ኣህጉራዊ ኪዳን ክታበት’ ዝውዕል 600 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ትገብር

ኣመሪካ፡ ኣብ ምምዕባል ክታበት ንዝሰርሕ ኣህጉራዊ ኪዳን ክታበት ‘ጋቪ’ ናይ 600 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ከም እትገብር ሓቢራ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣመሪካ፡ ኑቲ ውድብ ጥዕና ዓለም ምስቲ ኣብ ምፍራይ ክታበት ዝሰርሕ ኣህጉራዊ ኪዳን ዝነበሮ ርክብ ከም ዝበተኾቶ ኣፍሊጣ።

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ዋሽንግተን ካብ ሎሚ ንደሓር ብመንገዲ ኣህጉራዊ ኪዳን ክታበት ኣቢላ ንውድብ ጥዕና ዓለም ዝኾነ ደገፍ ከም ዘይትገብር ኣዘኪሩ ኣሎ።




ብመሰረት እቲ ክፍሊ ዘውጽኦ ሓበሬታ፡ ኣህጉራዊ ኪዳን ክታበት ምስ መሻርኽቲ ሃገራት ብምዃኑ ኑቶም ጭኢታ ማርከሪ ዝውንኑ ዓይነት ክታበታት፡ እቲ ጭኢታ ብዘይብሎም ካልኦት ኣማራጺታት ንምትካእ ክሰርሕ ተሰማሚዑ ኣሎ።

ኣብ 2020፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ኣተሓሕዛ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ብዘተኸተሎ ፖሊሲ ሕጉስ ከም ዘይነበረ ብምጥቃሱ ምምሕዳሩ ኑቲ ውድብ ዝህቦ ዝነበረ ሓገዝ ንግዚኡ ደው ክብል ከም ዝወሰነ ምንጭታት ይሕብሩ።

ኣብቲ እዋን፡ ኣመሪካ እታ ዝዓበየት መዋሊት ውድብ ጥዕና ዓለም ምንባራ እዩ ዝፍለጥ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ንኻልኣይ እብረ ናብ ስልጣን ምስ ደየቡ ሃገሩ ካብቲ ውድብ ክትወጽእ ምዃናን ክትገብሮ ዝጸንሐት ፊናንሺያዊ ደገፍ ከኣ ክቋረጽ ምዃኑን ብወግዒ ኣፍሊጦም ነይሮም።

ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ካብ ኣባላቱ ዝኾና ሃገራትን ካልኦት ወሰንተኛታት ኣካላትን ብዝረኸቦ ፊናንሺያዊ ሓገዛት ንጥፈታቱ ዘካይድ ኮይኑ፡ ኣብ ምክልኻል ሕማማት ፖልዮ፡ ዓባይ ሰዓል፡ ኤች.ኣይ.ቪ፡ ዓሶ፡ ንፍዮን ካልኦትን ሕማማት ንዘዕለዉ መደባት ይድግፍ - ብመሰረት ጸብጻባት።

## ፓኪስታን - 10 ኣባላት ፖሊስ ብዕጡቓት ተቐቲሎም

ኣብ ዞባ ሃንጉ - ሰሜናዊ ምዕራብ ፓኪስታን፡ እስላማውያን ዕጡቓት ኣብ ሓደ መደበር ፖሊስ ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ ዓሰርተ ኣባላት ፖሊስ ከም ዝተቐትሉ ተሓቢሩ።

እቲ ዕጡቓት ጉጅለታት ብዝበዝሒ ኣብ ዝንቀሳቐሱሉ ምስ ኣፍጋኒስታን ዘራኽብ ከባቢ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዘሳተፈ ምንባሩ፡ ናይ ዓዲ ማሰኻኽር ገሊጾም።

ፓኪስታን፡ እቶም ዕጡቓት ኣብ ኣፍጋኒስታን ኮይኖም ኑቲ መጥቃዕትታት ከም ዝወጠኑዎን ኣድላዪ ልምምዳት ከም ዘየደሉን'ኳ እንተ ከሰሰት፡ ኣፍጋኒስታን ግን ኣብቲ መጥቃዕቲ ዝኾነ ኢድ ከም ዘይብላ እያ ትገልጽ ዘላ።

ሓለቓ ፖሊስ ናይቲ ዞባ ዙልፊቃር ሓሚድ፡ በቲ ኣብ መደበር ፖሊስ ዝተኻየደ ንዮቲታት ዝቐጸለ ናይ ድብያ መጥቃዕቲ፡ ካብ'ቶም ዕጡቓት'ውን 15 ከም ዝተቐትሉ ኣዘኪሩ።

እቶም እስላማውያን ዕጡቓት፡ ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ጀሚሮም ኣብ ከባቢ ዶብ ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን ኣብ ዝርከብ ከባቢታት፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ተጠቒሞም ንሓይልታት ጸጥታ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕትታት ክካይዱ ከም ዝጸንሑ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

ብዘይካዚ፡ ኣብዚ ሰሙን እዚ ኣብ ከባቢ ዶብ ክልተኣን ሃገራት ኣብ እትርከብ ዞባ ታንክ ብዝተፈጸመ ርእሰ ቅትለታዊ መጥቃዕቲ፡ 12 ወተሃደራትን 3 ሰላማውያን ዜጋታትን ፓኪስታን ከም ዝተቐትሉ ጸብጻባት የመልክቱ።

እቲ ኣብ ከባቢ ዶብ ናይተን ሃገራት ብዕጡቓት ጉጅለታት ዝፍጸም ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት፡ ንኽልተኣን ጎረባብቲ ሃገራት ናብ ዳግማይ ግጭት ከእትወን ከም ዝኽእል እዮም ክኢላታት ዘጠንቅቑ።




## ኩባንያ መፍረ መካይን ጀርመን፡ 8 ሽሕ ሰራሕተኛታት ከደስክል ወሲኑ

ኣብ ጀርመን ዝርከብ ዓርሞሽሽ ኩባንያ መፍረ መካይን ቢ.ኤም.ዳብሊው፡ ክሳብ መወዳእታ 2027፡ ኣስታት 8 ሽሕ ሰራሕተኛታት ክሰጉግ ምዃኑ፡ ብርክት ዝበላ ማዕከናት ዜና ምስቲ ጉዳይ ቅርበት ዝለዎም ሰበ ስልጣን ብምጥቃስ ሓቢረን።

ብመሰረት ጸብጻባት ናይተን ማዕከናት ዜና፡ እቲ ኩባንያ፡ ብሰንኪ ልዑል ወጻኢታትን ኣብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዝርአ ዘሎ ምንቅልቓል ዕዳጋን እዩ ክንደዚ ዝኣክል ብዝሒ ዘለዎም ሰራሕተኛታት ከብርር ወሲኑ ዘሎ።

እቲ ናይ ምስጓግ መደብ፡ ብፍላይ ኑቶም ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ናይቲ ኩባንያ ዝያዳ ዝምልከት ኮይኑ፡ ካብ ዝመጽእ ጥቅምቲ ክሳብ መወዳእታ 2027 ክትግበር ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኩባንያ ቢ.ኤም.ዳብሊው፡ ኣብ ጀርመን ጥራይ 87,436 ሰራሕተኛታት ከህልውዎ እንከለዉ፡ ኣብ መላእ ዓለም ከኣ ኣስታት 154,540 ሰራሕተኛታት ኣለውዎ።

ኩባንያ ቮልክስዋገን እውን፡ 100 ሽሕ ሰራሕተኛታት ንምንካይ መደብ ከም ዘለዎ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እቲ ኣብ መፍረ ዝተፈላለያ ዓይነታት ተሽከርከርቲ ዝሰርሓ ዓበይቲ ኩባንያታት ዝርአ ዘሎ ቅልውላው፡ ምስቲ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ኑዳዲ ፌደረሽን ሩሲያ ዘንበሮ እገዳታት ምትሕሓዝ ከም ዘለዎም እዮም ክኢላታት ዘረድኡ።

